ሓዳስ ኤርትራ

መበል 23 ዓመት ቁ. 309 06 ሓምለ ገጻት 8 ዋጋ 1.00 ናቕፋ

2014 ሰንበት

ገጽ 2
ተስላ - "ሱፍልጡታዊ ፈጣሪ"



ገጽ 3
"መንእሰያት ከለና ኣብ ፈስቲቫል ቦሎኛ እነሰላስሎ . . ."
ኣቶ ተኸስተ ባዩረ

ገጽ 5
ጓል ኣኽረ ብዘዕባ ቦሎኛ



ገጽ 6
"ቦሎኛ ካብና ሞሳ እትደሊ ቦጻሒቲ ጸቡቕና'ያ" ማማ ሂወት

ገጽ 7
ዳንኤል (ግራይ) - ተጻዋታይ፡ ዕወት ኣሰልጣኒን ምሩቕ ዩኒቨርሲቲን



# ፈስቲቫል ቦሎኛ፡ ሓደ ሕጥቦ ጽሑፍ ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ወጻኢ ምዃኑ፡ መልእኽቲ መንግስቲ ኤርትራ ኣነጺሩ

ፈስቲቫል ቦሎኛ፡ ሓደ ሕጥቦ ጽሑፍ ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ወጻኢ ምዃኑ፡ መልእኽቲ መንግስቲ ኤርትራ ንተሳተፍቲ ጽንብል ዝኽሪ 40 ዓመት ናይቲ ታሪኻዊ ፈስቲቫል ኣነጺሩ።

ሚኒስተር ዞባዊ ምምሕዳር ኣቶ ወልደንኪኤል ኣብርሃ ኣብ ዘቕረቦ መልእኽቲ መንግስቲ ኤርትራ፡ መሰረታዊ ዕላማ ሃገራዊ ተጋድሎና፡ ምህናጽ ኣብ ዜግነት ዝተመስረተት ሃገር፡ ምህናጽ ኩብረት ዜጋታትን ግቡእ ቦታኣ ኣብ ዓለም ዘረጋገጸት ሓያልን ብልጽግትን ሃገርን ምዃኑ ብምምልካት፡ ተራ ፈስቲቫል ቦሎኛን ኣብ'ታ ከተማ ዝካየድ ዝነበረ ካልእ ሃገራዊ ምትእኽኻባትን ኣብዚ መዳይ'ዚ ብቐሊል ዝጥመት ከምዘይኮነ ኣረዲኡ።



ሎሚ ዘለናዮ ኩነታትን ዝገጥመና ዘሎ ተጻብኦን ብድሆታትን ኣብ እንግምገመሉ፡ ኑቲ ዝሓለፍናዮ ከቢድ ጉዕዞን ዘመዝገብናዮ ታሪኻዊ ዓወትን ክንዝክር ኣገዳሲ ምዃኑ ዘዘኻኸረ ሚኒስተር ወልደንኪኤል፡ እቶም ሎሚ ድግድጊት ተዓጢቖም ብፕሮፖጋንዳን ስነ-ኣእምሮኣዊ ኩናትን፡ ብተደጋጋሚ እወጅ እገዳን ቁጠባዊ ሸርሒን፡ ብኸፋፈልካ ግዛእን ፍልሰት መንእሰያትን - ብቐጥታን ብመንገዲ ኣገልገልትን ክሕንኩሉናን ናጽነትና ክምንዝዑን ህርድግ ዝብሉ ዘለዉ ተጻባእቲ፡ እቶም ትማሊ ንሞት ዝፈረዱና ምዃኖም ክንርስዮ ከምዘይግባእ ኣስሚሩሉ።

"ታሪኽና ከም ዘረጋግጾ፡ ናይ ትማሊ ዓወትና ብኣጋጣሚ ዘይኮነስ፡ ብቐዓት ስለዘጥረናን ዘማዕበልናን፡ ዕላማና - ዕላማ ህዝቢ፡ ቃልስና ድማ ቃልሲ ህዝቢ ስለዝኾነ ጥራይ'ዩ" ዝበለ ሚኒስተር ወልደንኪኤል፡ ከም ናይ ቅድመ-ናጽነት ታሪኽና፡ ናይ ድሕረ-ናጽነት ጉዕዞና'ውን ንብቕዓትና ከም ህዙብን ሃገርን ዝፈታተን ብድሆን ተጻብኦን ዝበዝሖ ምዃኑ ክገርመና ከምዘይግባእ ብምግላጽ፡ "ዕላማናን ኩብረትናን - ኑቲ ህያው ረብሓ ሃገርናን ህዙብናን ኣሕሊፍና ክንሀብ ፍቓደኛታት ስለዘይኮንና፡ መንግስቲ ኣመሪካ ዘንቀደሉን ዝመርሖን ብዙሓት ካልኦት ዝተዋስኡሉን ኩለንትናዊ ኩናት ክንምክት ጸኒሕናን ኣሎናን።" ክብል ብዝርዝር ኣብሪሁ።

ኣብ መወዳእታ ሚኒስተር ወልደንኪኤል፡ ተሳትፎን ውዳቤን ህዝቢ ኣብ ፖለቲካዊ ህንጸት ሃገር ንምስፋሕ፡ ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራሲያዊን ፍትሕን ንምሕያል፡ ከምኡ'ውን ምምሕዳርን ምሕደራን ንምጽፋፍ እናሰራሕና፡ ታሪኽ ቃልስናን ናይ ድሕረ-ናጽነት ሃብታም ተመኩሮን መሰረት ዝገበረ ቅዋም ንምንዳፍ ንበገስ ምህላውና ብምጥቃስ፡ ምስ'ዚ ኩሉ እወታዊ ምዕባለታት ግን ገና ሓያል ዘቤታዊ ስራሕ ስለዘጽበየና፡ ከይተዳህለልና፡ ተሳትፎናን ውዳቤናን፡ መኸተናን ቃልስናን፡ ናይ ልምዓት መደባትናን ዲፕሎማሲያዊ ጽምዶታትናን ከምኡ'ውን ባህላውን ዜናውን ወፍሪታትና ከነሐይል ከምዝድልየና ኣስሚሩሉ።

## መበል 40 ዓመት ዝኽሪ ፈስቲቫል ቦሎኛ፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ብዝተፈላለየ መሰናድኦታት ተጸንቢሉ

ዝኽሪ መበል 40 ዓመት ፈስቲቫል ቦሎኛ፡ ኣብቲ እዋን - ተሳተፍቲ ናይቲ ኣብ ከተማ ቦሎኛን ካልኦት ከተማታት ዓለምን ዝካየድ ዝነበረ ሃገራዊ ምንቅስቓስ ዝነበሩ፡ ከምኡ'ውን ሓርበኛታት ኣዴታት ዓዲ ጥልያንን ዕዱማት ኣጋይሽን ኣብ ዝተረኽብሉ፡ ብ4 ሓምለ ኣብ ኣስመራ - ቀጽሪ ኤክስፖ ብዝተፈላለየ መሰናድኦታት ተጸንቢሉ።

ኣብቲ ተሳተፍቲ ናይቲ ኣብ ከተማ ቦሎኛ ዝተኸፍተ ወግዓዊ ጽንብል ብኣገልግሎት ተሌቪዥን ኤርትራ ብቐጥታ ዝተዘርበዎ መደብ፡ ካብ ኣካየድቲ ንጥፈታት ሓፋሽ ውድባት ኣብ ሚላኖ - ኢጣልያ ዝነበረ ኣቶ ሃይለ ኣስፍሃ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ዝኽሪ 40 ዓመታት ምጅማር ፈስቲቫል ቦሎኛ፡ ቀንዲ ትርጉሙ ንመጻኢ ወለዶ ምስ ህልውን ሕሉፍን ምትእስሳር ምዃኑ ብምሕባር፡ መሰረትን መንቀልን ቦሎኛ፡ መንነትን ሃገራውነትን ንምኹላዕን ንምርግጋጽን ዝነበረ ሕልናን ትብዓትን ዝተሰከፈ ሃገራዊ መኸተ ከምዝኾነ ብዝርዝር ኣረዲኡ።

"ቦሎኛ፡ ኩሉ ኤርትራዊ - ኪኖ ጸቢብ ዝምድናታት ሰፊሕ ሃገራዊ ጥምረትን ንቕሓትን ዝፈጠረላ ፈልሲ ሃገራውነት'ያ" ዝበለ ኣቶ ሃይለ፡ ወርሻ ሓፋሽ ውድባት ናብ ተካእቲ ወለዶ ስረጸ፡ ባዕላቶም ውዳበታት ፈጢሮም ንመንነቶም ምስሊ ሃገሮምን ዘንጸባርቕ ስራሕ ክዓምሉ ምርኣዩ፡ ብቑዕ ምስክር ኣበርክቶ ቦሎኛ ኣብ ህንጸት ኤርትራዊ ሃገራውነት ከምዝኾነ ኣብሪሁ።

ኣብቲ ጽንብል፡ ብተሳተፍቲ ናይቲ ኣብ ፈለማ ሰብዓታት ክሳብ ሰማንያታት ኣብ ወጻኢ ብፍሉይ ድማ ኣብ ኢጣልያ ዝነበረ ሃገራዊ ምንቅስቓስ ናይ ትረኻን ምውርራስ ታሪኽን መደብ ክቐርብ እንከሎ፡ ጉጅለ ባህሊ ኣስር ድማ ዝኽሪታት ዘለዓዕል ደርፍታት ብምቕራብ ንተሳተፍቲ ኣዘናጊዖ።

# ሰንበት ምስ ተማሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ፊዚክስ 10፤ ተስላ - "ስነ-ፍልጠታዊ ፈጣሪ" ... ዘብሎ ምኽንያታት



"እቲ ዝገደፍኩዎ ቦታ ብኹሉ መገዲታት ጸቡቕ፡ ጥበባዊን ኣደናቕን ዓለምዩ ነይሩ። ኣብዚ (ኣመሪካ ምኻኑዩ) ኩሉ ማሽናዊ፡ ሓርፋፍ፡ ጉሓጽን ዘይሰሓብን እዩ፡ ካብ ስልጡን ኤውሮጳ ሓደ ዘመን ዝደሓረ እዩ፤" ክብል ኑቲ ዘይተቐባበሎ ዓዲ ይገልጾ ተስላ። ኣርባዕተ ሳናቲም ሒዙ ናብ ኣመሪካ ክኸይድ እንከሎ፡ ንሓደ ካብ ዓበይቲ መሃንድሳት ዓለም ንምርካብዩ ነይሩ መደቡ። ኣቐዲሙ ኣብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ኤውሮጳ ዝርከባ መደበራት ኤለክትሪክ ናይ ስራሕ ዕድላት ረኺቡ ነይሩ። ዝበዝሓ ኑቲ ዘይተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ (DC) ዘመንጭወለን ሞተረ ንምምዕባል ይቑጽሮኦ ነበራ። በዚ ዝሰልከየ ተስላ፡ ካብኡ ዝዓቢ ምንጪ ንምርካብ ተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ (AC) ዘመንጪ ሞተር ክሰርሕ ምስ ሓደ ትካል ኣብ ፓሪስ (ፈረንሳ) ተወዓዓለ። ፈቲኑ፡ ክሰልጦ ኣይከኣለን። ንሓሳቡ ብዮዝቡእ ንምርድኡ ሓገዝ ከም ዘድሊዩ ሓሰበ። ኣርባዕተ ሳናቲም፡ ናይ በራሪት ማሽን ኳልኩሌሽናትን ግጥሚታቱን ሒዙ፡ ናብ ዝዓበየ መሃንድስ ኤለክትሪክ ዓለም ቶማስ ኣ. ኤዲሰን ኣምረሐ።

ኤለክትሪክሲቲ ንመጀመርታ ግዜ 1870ታትዩ ናብ ኒውዮርክ ኣመሪካ ተኣታትዩ። ናይ ኤዲሰን ኢንካንደሰንት ኣምፑል ጸልማት ንዘበረት ኣመሪካ ኩበርሃ ክኢሉ። እዚ ብዘይተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ዝሰርሕ መደበር፡ ኣብ መጀመርታ ንኮደናታት ጥራይዩ ዘብርህ ነይሩ። ጸኒሑ ብሱብ ጸጋ ናይቲ ግዜ፡ ንኤዲሰን ዓቢ ግንያ ብምቕራብ ናብ ገዛውቲ ክኣቱ ጀሚሩ። ኣብቲ ግዜ ብዙሕ ሰብ፡ ብፍላይ ቈልዑ፡ ዓንዲ ኤለክትሪክ ምስ ሓዙ ብኤለክትሪካዊ ተዘዘታ ይጥቅዑ ነይሮም። እዚ ሻቕሎት ኣብ ዝፈጠረሉ ግዜ፡ ሓደ ስደተኛ ናብ ቤት ጽሕፈት ቶማስ ኣልባ ኤዲሰን ማዕጾ ደፊኡ ኣተወ። እዚ ስደተኛ ኒኮላስ ተስላ ነበረ። ኣእዳው ተስላ፡ ንኢድ ናይቲ ከም "ጅግና" ዝቑጽሮ ኤዲሰን ጨቢጠን፡ ደብዳበ ከቕብሎኦ እንከለዋ ብፍርሓትን ግራመን የንቀጥቅጣ ነበራ። እታ ዘቐበሎ ናይ ስራሕ ደብዳበ፡ "ዝኸበርካ ኤዲሰን፡ ኣብዛ ዓለም ክልተ ዓበይቲ ሰባትየ ዝፈልጥ። እቲ ሓደ ንስኻ፡ እቲ ሓደ ከኣ እዚ ኣብ ቅድሜኻ ዘሎ መንእሰይ እዩ፤" ብምባል ይጀምር። ምስኡ ኣስዒቡ ዝሰርሖም ምህንድስናዊ ስርሓትን ተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ናይ ተመንጪ ሞተር መደብትን ነይሩዎ። ኤዲሰን ኣብ ተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ውሑድ ኣፍልጦ ነይሩዎዩ። ካብቲ ኣፍልጦኡ ንታሕቲ ግን ኣብኡ ዝነበሮ ተጉዳስነት ኣዝዩ ይውሕድ ነበረ። ስለዝኾነ ንናይ ተስላ መደብት ዕሽሽ ብምባል፡ ኣብቲ ዝሰርሓሉ ዝነበረ ዘይተቓያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ንምምዕባሉ ክሕግዞ ምስኡ ክሰርሕ ቈጸሮ።

ተስላ ኣብ 24 ሰዓታት ክልተ ወይ ሰለስተ ሰዓታትት ይድቅስ ነበረ። ዝበዝሐ ግዜኡ ኣብ ስራሕ የሕልፎ። እተን ዝድቅሰለን ገለ ሰዓታትውን ኣብ ጠረጴዛኡ ተደፊኡ እንከሎ ድቃስ ጠሊሙዎ ዘዕረፈን እየን። ኤዲሰን ነዚ ብምርኣይ፡ ስርሑ እንተ ተዓዊቱሉ 50,000 ሞቕሽሽ ክህቦ ምኻኑ ቃል ከም ዝኣተወሉ ይንገር። ዝጸዕረ ከም ዝዕወት ጥርጥር የብሉን።

ኤዲሰን ባዕሉ ንንዝእ ኑብሱ ዝምሃረ ሓደ ካብ ዓበይቲ ሰብት ናይ ዓለም ነበረ። ተስላ ግን ብስልጣኑ ኤውሮጳ ተሓጊዙ ብስሩዕ ትምህርቲ ዝዓበየዩ። ኣብ ሞንጎኦም ብዙሕ ፍልልያት ኣሰራርሓኻ እንተ ነበሮም ንሃዊሕ እዋን ንብልሖ እናወሃሃዱ ሰርሑ።

ተስላ ስርሑ ብዓወት ከም ዝዛዘሞ ገለጸ። ኑቲ ኤዲሰን ቃል ዝኣተወሉ ገንዘብ ክውሃቦውን ሓተተ። ኤዲሰን ዋዛ ምንባሩ ስለ ዝገለጸሉ ግን ካብ ኤዲሰን ክፍለ ግድን ኩነ። ንስርሑ ኣብ ግምት ዘእተው ሰብ ጸጋ ምስ መወሉዎ፡ እቲ ኣብ ታሪኽ ኤለክትሪክሲቲ ብ"ግጥም ዋሕዚ ኤለክትሪክ" ዝፍለጥ ውድድር ክልተኦም ተጀመረ። ዓለም ከኣ ካብዚ ውድድር ክትረብሕ ክኢላ። ፍልልይ ሓሳባትን ነንበይኑ ኣገባብ ምርምሮምን፡ ከም ካራ ንሓድሕዱ እናተሳሕለ በሊሑ። ንክልተኡ ኣገባባ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ክንጥቀመሉ ከኣ ኣኽኢሎሙና።

### 6. ወትሩ ተማሃራይ፡ በዓል ዓቢ ፍልጠትን ፍርያትን ምንባሩ

ተስላ፡ ፍልጠቱ ገፊሕ ዝነበረ ስነ-ፍልጠተኛ እዩ። ፍልጠቱ ኣብ ሓደ ዓውዲ ዝተደረተ ኣይነበረን። ንዝሓለፉ መምህራኑ፡ ኣቐዲሞም ንዝነበሩ ስነ-ፍልጠተኛታት ዓቢ ክብሪ ዝህብ፡ ንዝቐደሙ ምህዞታት ብኣንክሮ ክፈልጦም ዝደሊ፡ ካብ ምምሃር ዓዲ ዘይወዓል እዩ። ንዝሓዞ ኣዕሚቑ ክፈልጦን ክርድኦን ስለ ዝቃለስ ቡቲ ሓደ፡ ዝሓዞ ዘይገድፍ ብምኻኑ ከኣ ቡቲ ካልእ፡ በዓል ብዙሕ ምህዞታት ክኸውን በቒዑ። ተስላ፡ ኣብቲ ነዊሕ ናይ ምርምር ጉዕዞኡ፡ ኣብ ኣመሪካ ብስሙ ዝተመዝገቡ (ስም ዋንነት ዝረኸቡ) 111 ምህዞታትን ርኽቢታትን ኣለዉ። ብዓለም ደረጃ ከኣ 300 ብስሙ ዝተመዝገቡ ምህዞታትን ርኽቢታትን ይርከቡ።

ኣምፑል ቶማስ ኤዲሰን ከም ዝምሃዛ ይፍለጥዩ። እዛ ኣምፑል ብሓሙሽተ ሚኢታዊት ውጽኢታዊት ዝነበረት ኣምፑል እያ። ተስላ፡ ንልዑል ድግምጋም (high-frequency) ኤለክትሪክሲቲ እናመርመሮ እንከሎ፡ ንናይ ኤዲሰን ኣምፑል ብምጽናዕ ከማሓይሸ ፈቲኑ። ኑተን ናይ መጀመርታ ኒዮን ኣምፑላት ከምሓይሽን ከኣለ። ብ1893 ኣብ ዓለም ለኻዊ ኤክስፖ ከቕርበን እንከሎ፡ መስርዕ ናይቲ ኣምፑላት ስም ዝቐደሙ ዓበይቲ ስነ-ፍልጠተኛታት (ከም ማይክል ፈራዳይን ጀምስ ክለርክ ማክስወል ዝኣመስሉ) ዝንበቦ ነበረ። ንፍሎረሰንት ኣምፑል'ውን ኣማሓይሽዎ እዩ። እቲ ተኣምር ዝመስል ብዘይ ገመድ ኤለክትሪክ ኣምፑል፡ ብኤለክትሮስታቲክ ማዕበል፡ ኩበርህ ዘኽኣለሉ ኣጋጣሚ ነዚ ዘማዕበሎ ፍሎረሰንት ኣምፑል ተጠቒሙ ነይሩ።

ተስላ፡ ብሪሞት እትንቀሳቐስ ጃልባ ምሂዙ ንምርኢት ኣቕሪብዋ ምንባሩ ኣብ ዝሓለፈ ገሊጽናዮ ኔርና። እዚ ብሬድዮ ምንቅስቓስ ዝቈጻጸር ምህዞ ተስላ፡ ኣብ ሮቦት ቴክኖሎጂ ከም ቀዳማይ ስጉምቲዩ ዝቝጸር። ተስላ ከኣ ካብቶም መራሕቲ ናይዚ ዓውዲ ሓደ ክኸውን ክኢሉ ኣሎ።

ካብ ሓደ ዘዋሪ ነገር ጸዓት ክትረክብ ከም ዝከኣል ኣይትስሕትምን ትኾኑ። ሓንቲ ጀነሬተር እትገብሮ መካኒካዊ ምንቅስቓስ እዩ ናብ ኤለክትሪክሲቲ ተቐይሩ ናብ ጉዞና ዝመጽእ። ብዝዘወር ቀዛፊ (blade) ኤለክትሪክሲቲ ክርከብ ከም ዝኽእል፡ ንመንጫዕጫዕታዊ ጸዓትን ናይ ንፋስ ጸዓትን እንተ ዘኪርና ክንርድኦ ይቕለና እዩ። ነዚ መጀመርታ ዝፈተና ተስላዩ። ተስላ ንቀዛፊ ናይቲ ተርባይን፡ ብኣዝዩ ልዑል ፍጥነት ምስ ኣዘሮ ክሰባበር ጀሚሩ። እዚ ፈተና ሓደ ካብቶም ኣብ ዓውት ከይበጽሑ ዝገደፎም ምህዞኡ እዩ። እቲ ጸኒሑ ብድሕሪኡ ዝማዕበለ ጥረ ነገራት፡ ከም ኩቨላር፡ ካርቦን ፋይበርን ብቲታንዩም ዝመልአ ፕላስቲክን ዝኣመሰሉ፡ ምስ መጽኡ ግን እቲ ስራሕ ብካልኦት ተመሊኡ ዓለም ክትጥቀመሉ ክኢላ።

ዊልሀም ሮንትገን ንX-ሬይ ድሕሪ ምምሃዙ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ (1896)፡ ብX-ሬይ ስእሊ ክውሰድ ከም ዝከኣል ዝገለጸ ተስላ ነበረ።

ቪታሪይስ

ኣብ ምእታው 20 ክፍለዘመን ስነፍልጠተኛታት ምስ ጸርጊን ጥቕሙን ጸቡቕ ሌላ ገይሮም ነይሮም። ሓደ ሓደ ግዜ ከኣ ጋሻ ጥንሱሓሳባትን ኣካታዕቲ መደምደምታን ይህቡሉ ነቦሩ። ጸርጊ ንሕበጥ ከም ዘጥፍእ ምስ ተፈልጠ፡ ብዙሓት ኣፍሪይቲ ንራድዮም ክጥቀሙሉ ጀሚሮም።

ተስላ'ውን ካብኦም ዝፍለ ሓሳብ ኣይነበሮን። ኣብ "ኤለክትሪካል ሪቪው ጆርናል" ኣብ ዝጸሓፍፎ ርእይቶ፡ "ሓደ ሰብ ናብ ልዑል ጸርጊ ንቅሩብ ግዜ ምስ ተቓልዑ፡ ሙቐት ይፈጥር፡ ንትኻስ ይስዕር፡ ግዜ ከመይ ይሓልፍ ኣሎ'ውን ጸቡቕ ገይሩ ይስምዖ እዩ። መን ይፈልጥ X-ሬይ ንትኻስን ናይ ድኻም ስምዒትን ካብዛ ዓለም ዘጥፍእ ርኽበት ክኸውን ይኽእል እዩ፤" ኢሉ ነይሩ።

### 7. ሬድዮ ክህበና ምኽኣሉ

ሬድዮ ካብ ብዙሕ ርኽቢታትን ሕደሳን ዝተረኽበ ቴክኖሎጂ እዩ። ተስላ ተባላሕኑቱን ውርዙይ ኣተሓሕዛኡን ናይ ሬድዮ መሰረት ክንጽፍ ክኢሉ። በዚ ኣበርክቶኡ ከኣ ሬድዮ ብናቱ ስም ዋንነት ክጥቀስ ዝከኣል ነይሩ እዩ። ሬድዮ ናብዚ ዘለዎ ደረጃ ክበጽሕ ከም ኩሎም ርኽቢታትን ምህዞታትን ብብዙሓት ስነ-ፍልጠተኛታትን መሃዝትን ሓሊፉ እዩ። ጸዓት ብስልኪ ኣልቦ ኣገባብ ክምሓላለፍ ከም ዝኽእል ዝገለጸ ተስላ'ዩ ነይሩ። ሬድዮ'ውን ጸዓት ብስልኪ ኣልቦ ዝምሓላለፈሉ መገዲ እዩ።

ተስላ እቲ ናይ መጀመርታ መሰረት ዘንበረ ጥራይ ኣይነበረን። ብ1893 ኣብ ቅድሚ ብዙሓት ፈላጥትን ህዝቢን ኣስተምህሮ ሂቡ ነይሩ። እዚ ኣስተምህሮ ክልተ ዓመት ቅድሚ ማርኮኒ ንሬድዮ ክሰርሕ ምጅማሩ ዝተዋህበ ነበረ። ካብቲ ሓሳብ ብምብጋስ ፈነወ ሬድዮ፡ ብናይ ሬድዮ ማዕበል ክምሓላለፍውን ተኻእለ። ተስላ፡ ኣብ መፋርቕ 1894 ንእሽተይ ተንቀሳቓሲ መደበር ፈነወ ሬድዮ ክሰርሕ ክኢሉ እዩ። ተስላ ኣብ ኒውዮርክ ነዚ ኤለክትሪካዊ ሓብሬታ ብስልኪ ኣልቦ መገዲ ክሰድድን ክቕበልን ዘኽእል መሳርሕ ንምፍታን ኣብ ዝዳለወሉ ዝነበረ ግዜ፡ ኣብ ቤት ምርምሩ ብዘተኸስተ ባርዕ ክገብሮ ኣይከኣለን። ተስላ ኣብ ናይ 75 ኪሎሜትር ርሕቀት ፍልልይ ዝተቐመጡ ትራንዝሚተርን ረሲቨርን ክፍትኖዩ መዲቡ። ማርኮኒ ከኣ ብስልኪ ኣልቦ ተለግራፍ ዝምሓላለፈሉ መገዲ ኣብ ምፍታሽዩ መጀመርታ ጸዊሩ። ብ1896 ከኣ ብሓገዝ ናይ ተስላ ኦሱሌቶር ክሰርሖ ከኣለ።

ንሬድዮ ክሰርሖዋ ካብ ዝኽእሉ ኤለክትሮኒካዊ መሳርሒታት፡ እቶም ኣዝዮም ኣገደስቲ ዝበሃሉ ናይ ተስላ ምህዞታት እዮም። ጀነረተርን ትራንስፎርመርን ኣብ መጀመርታ ዝሰርሖም ተስላ ነበረ። ጀሚስ ክለር ማክስወል፡ ክልሰ-ሓሳብ ኤለክትሮማግኔታዊ ማዕበል ከቕርብ እንከሎ፡ ሀይንሪች ሀርዝ ብከመይ ክምሓላለፉ ከም ዝኽእሉ ገሊጹ። ንክልተኡ ሓሳባት ኣብ ግብሪ ዘውዓለ ተስላ'ዩ። ቡቲ ጥናግ ተስላ ("ተስላ ኮይል") ዝፍለጥ ምህዞኡ፡ ዝቃና ሰርኩዩት ብምድላው ክምሓላለፉሉን ክቕበሉሉን ዝኽእል መገዲ ፈጢሩ። ንሬድዮ ናብ ግሁድ ዓለም ዘሰጋገረ ኣጋጣሚ ድማ ነበረ። "መሰረት ፈነወ ሬድዮ" ዝብል ስም ምህዞ ከኣ ብስሙ ተቐሚጡ ይርከብ።

መሃዚቲ ሬድዮ

ጉግሌልሞ ማርኮኒ ንዘመናት ኣቦ ሬድዮ ምኻኑ ክግለጽ ከም ዝጸንሐ ይፍለጥ እዩ። ኢጣልያዊ ማርኮኒ፡ ምስ እንግሊዛውያን ልዑላንን ኤዲሰን ዓቢ ምትእስሳር ዝነበሮ መዘዚ፡ ኣብ ዓውዲ ፈነወ ሬድዮ ዓቢን ኣገዳሲን ኣበርክቶ ዘለዎ እዩ። ንስ ሬድዮ (ኤ-መስርሒ) ክሰርሕ ምኽኣሉ ኣብዚ ቢዝነስ ዓቢ ዓወት ተጐናጺፉ እዩ። ብ1904 ንስም ዋንነት ምህዞ ብስሙ ክኸውን ከእምንኳ እንተ ፈተኑ፡ ናይ ተስላ ዝዓበየ ኢድ ምኻኑ ዝገልጽ ተቓውሞ ገጢሙዎ ነይሩዩ። ብ1943፡ ሽዱሽተ ወርሒ ድሕሪ ዕረፍቲ ተስላ፡ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኣመሪካ ሬድዮ ብስም ዋንነት ተስላ ቁጽሪ 645,576, ብምጽዳቑ ምስ ማርኮኒ ካምፓኒ ኣብ ቊርቊስ ኣተወ። ማርኮኒ ከኣ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ፈለማ ሬድዮ ዝሰርሐ (ብስልኪ ኣልቦ ተለግራም ከምሓላፍ ዝኽኣል) ተባሂሉ ብ1896 ናይ ዋንነት ስም ክረክብ ክኢሉዩ። ኣብ ኣመሪካ ግን ተቐባልነት ኣይረኸበን ነይሩ። ቅድሚ 43 ዓመታት ናይዚ ኣጋጣሚ፡ ማርኮኒ ኣብ ፊዚክስ ብዘበርከቶ ኣበርክቶ ሽልማት ኖብል ክቕበል ክኢሉ።

**ኣኽራን ፍስሃየ**

**ካ/ደ/ቤ/ት ኢብራሂም ሱልጣን**



Teacher: I told you to stand at the end of the line?

Pupil: I tried, but there was someone already there!

Funny Jokes!

Aryam and Biety
Warsay Yikallo Sec. School - Sawa
source: jokes of school

**መዓልታዊት ጋዜጣ**

**ኣሰናዳኢ**
ሳምሶን ሃይለ
ቍ.ስ 116266/201820(2220)

**ም/ኣሰናዳኢ**
ብንያም ፍስሃጽዮን
ቍ.ስ 201820(2212)
ፋክስ፡ 127749 - ቍ.ሳ.ጿ. 247

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቍ.ስ. 125394

**ምልክታ**
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጿ. 1284

**ለይ-ኣውት**
ኣማኑኤል ተኽለ
ኤደን ገብረመድህን
ሰላማዊት ክብረኣብ
ሳምራዊት መለስ




# "መንእሰያት ከለና ኣብ ፈስቲቫል ቦሎኛ እነሰላስሎ ዝነበርና ዕማም፡ ብናይ ሎሚ መንእሰያት ብምትክኡ እምብዛ የሐጉሰኒ" ኣቶ ተኸስተ ባይረ

**ጥዑምዝጊ ተስፋይ**

### ካልኣይን ናይ መወዳእታን ክፋል

ሓደ ካብቶም ወልቃዊ ሂወቶምን ኣብ ዓዲ ዝሓለፈ ስድራኦምን ረሲዖም ስርሖም ኣቋሪጾም ምስእ ብምስእ ኣብ ውድባዊ ስራሓት ዝጠፍኡ ዝበሩ ወፋያት ሓፋሽ ውድባት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ'ዩ - ኣቶ ተኸስተ ባይረ። ኣብቲ ካብ ምምስራቱ ኣትሒዙ ብምስእ ዓቕሙ ዝጠፈሉን ዘደኸመሉን ሎሚ ንማበል 40 ዓመቱ ዝኽበር ዘሎን ፈስቲቫል ቦሎኛ ንምጋሽ ዓልን ታሕትን ኣብ ዝበለሉ ዝበረ ቀንያት ስለዝረኸብናዮ ድማ ዝቐረብናሉ ሕቶታት ብተብተብ'ዩ ማለሰልና።

እቲ ሎሚ ኣቦ መንበር ሃገራዊ ኮንፌደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ (ሃኮሰኤ) ኮይኑ ኣብ ህንጸት ሃገር ብምስታፍ ቃልሱ ብዘለዓለ ዝቐጽል ዘሎ ሃገራዊ ብዛዕባ ፈስቲቫል ቦሎኛ ዝሓለፎ ዝኽሪ ኣሕጺር ኣብሉ ኣካፊሉና ኣሎ። ቀዳማይ ክፋሉ ትማሊ ኣቕሪብናልኩም። ናይ መወዳእታ ክፋሉ ድማ እንሆ፦

***

***ኣብቲ ናጽነት መኣዚ ሃገርዝብ ዝተረጋገጸሉ ዓመት 1991 ዝተኻበረ ፈስቲቫል ቦሎኛ ዘሎካ ዝኽሪኸ?***

ኣብ 1991 ናጽነት ኮይኑ ፈስቲቫል ኣብ ዝተጉበረሉ እዋን ታሕጓስ ናይ'ቲ መዓቀኒ ኣይነበሮን። ሽዑ ተሳታፋይ ፈስቲቫል ቦሎኛ 12,000 እዩ በጺሑ። ናይ ጉጅለ ርእሰን ቴንዳ ሐዚን ዝመጸኣ ስድራ ቤታት እውን ነይረን። ናይ ኣርባዕተ ሓሙሽተ ሰባት ቴንዳ ተኸሊም ኑቲ ፈስቲቫል የሕልፍዎ። ዝገርመካ ደቂ ኣንስትዮ ንኹን ደቂ ተባዕትዮ ሰረና ስብስቲብና ብእግርና ኢና ብሐቑ ንለውሰ ነይርና። ኑቲ ብኣሽሓት ዝቑጸር ህዝቢ ከተኣንግድ ኣብኡ ዝበረ ድኻም እዚ እዩ ክብሃል ኣይከኣልን። እንጀራን ቅጫን ብጎዴላታት እዩ ዝነኽከት። ክሳብ'ታ ናይ መወዳእታ ዓቕሙ እዩ ዝደክም ኩሉ ሰብ። ልዕሊ እቲ ድኻምን ሃልክን እቲ ሃረርታ ናይ ናጽነትን ሃገርን ስለ ዝዓቢ፡ ጉልበቱ ዝሓተቶን ስርሑ ዝጻወሮን ሰብ ኣይነበረን። ናይ'ቲ ሰብ ተወፋይነትን ድኻምን ዝተዓዘበ ሓደ ኢጣልያዊ ሓንቲ ለዋሲት ማሽን ህቡና። ምስ'ቲ ረሲ ናይ ክሽነ ብዘይዕረፍቲ ክትሰኽክት ኣመና ከቢድ እዩ። እዚ ክዝከር ከለኹ በዓል ወልዱ የውሃንስ (ሎሚ ወናኒ ናይታ ኣብ ከተማ ሮማ እትርከብ ቤት መግቢ ማሳዋ)፡ በዓል ገርግሽ እትብሃል ኤርትራዊት እያ ዝዝከር። ምስ'ቲ ኩሉ መቐት ሓሙሽተ ሽዱሽተ ባዴላታት ብሓንሳብ ዘርጊሖም ብርሃጽ እናጠልቀዩ ብዘይዕረፍቲ ክሰኽቱ እንክትዕዘቦም እምብዛ'ዩ ዝገርመካ።

እቲ ኩሉ ጻዕሪ ኣታዊታት ብምምራር ኑቲ ውድብ ንምሕጋዝ እዩ። ተሳታፋይ ፈስቲቫል ቦሎኛ ኩሉ ሃገር ባዕሉ እዩ ይሰርሕ፡ ተመሊሱ ድማ ባዕሉ ይዕድግ። ኣደታት ዓዲ ጥልያን ይኹና ካልኦት ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት መጺኦም ኣብ ምግዛፍ ዝምደቡ ዜጋታት ዘሕልፍዎ ዝበሩ ሃልኪ እቲ ሃረርታ ናይ ናጽነትን ሃገርን መዳርግቲ ከም ዘይብሎ እዩ ዝርኢ። ኣብ ጽሬት ዝምደቡ እውን ከምኡ። እቲ ኩሉ ሰብ ክዘናጋዕ ኣምስዩን ሓዲሩን ክሰዕ እቲ ቦታ ኣብ ናይ ንገሆ ወላ ሓንቲ ርሱሓት ወይ ጓሓፍ ዘይብሉ ኣመና ጽሩይ ኮይኑ ክጸንሓካ ከሎ ብሓቂ ትግረም። ማስተታት ዝሸጣ ባራት ነይረን። ፓኒኖታት ከዳልዉ ይሓድሩ ንጽባሒቱ ሰብ እናገዘኦ ይምገቡ። ኩሉ ድማ ብክኢላታት እዩ ዝምራሕ ነይሩ። ቀደም ኣብ እስራኤል ዝበረ ሕጂ ስዊዘርላንድ ዘሎ ጉብረመድህን መሓሪ ደብረጽዮን የሴፍ ናይ ማስተ ክኢላታት ኑቲ ናይ ማስተ ሃገር ይመርሑ። ካብ ኦብሲ ወከፍ ከባቢ ወይ ሃገር ዝመጽኡ ኤርትራውያን ድማ ኹተየም ሐዞም ይመጽኡ። ካብ በዓል ናፖሊ ኣውሊዕ እናምጽኡ መወጽ ከይተረፈ ይሸጥ ነይሩ። ቀመማት ናይ ሰላጣ ካብ ስዊዘርላንድ፡ ሽሓኒ ካብ በልጅዩም፡ ጣሳታት ካብ ዓዲ እንግሊዝ . . . ይመጽኡ። ኑቲ ውድብ ድማ ዓቢ ቁጠባዊ ሓገዝ ይጉብር ነይሩ።

***ናይ ሜዳ ደረፍቲ መጋሰዮም ክመጽኡ ጀሚሮም ናብ ቦሎኛ?***

ናይ ሜዳ ደረፍቲ ኣብ 1989 እዮም ኣብ ቦሎኛ ክመጽኡ ጀሚሮም። ናይ ሜዳ ጉጅለ ባህሊ ናብ ቦሎኛ ምምጻኦም ዓቢ ለውጢን ፍሉይ ስምዒትን እዩ ነይሩ። ወላ'ኳ ኣብኡ'ውን ጉጅለ ባህልታት ፈርየን እንተነበራ፡ ኣብ ዝቐደመ እዋናት እቲ ህዝቢ ናይ ሜዳ ጉጅለ ባህሊ ንኽመጽእ ተደጋጋሚ ጠለባት የቕርብ ነይሩ እዩ። እቲ ህዝቢ ተጋደልቲ ብኣካል መጺኦም ክረኽቦም ዓቢ ሃረርታ ነይርዎ። ኣነ'ውን ከም ኩሉ ሰብ ሃረርታ ነይሩኒ። እቲ ተጋዳላይ ባዕሉ መጺኡ ክርእየካ ከሎ ዝስመዓካ ሓበንን ባህታን ወሰን የብሉን። ኣብ ሰዑድያ ምስ ዝቐመጡ ዝበሩ ሃገራውያን ስነ ጥበበኛታት ተረዳዳእና እውን ኣብ 1987 ከምኡ'ውን 1988 በዓል የማነ ባርያ፡ ኢንጅነር ኣስገዶም፡ ኣልኣሚን ዓብደለጢፍ . . . ዝርከቡዎም ስነ ጥበበኛታት መጺኦም ኑቲ ፈስቲቫል የድምቑልና ነይሮም እዮም። ኣብ 1989 ንፈለማ እዋን ባህሊ ውድብ ምስ መጽኡ፥ ማዕበላዊ ዝኾነ ታሕጓስ እዩ ነይሩ። ኣብ 1990 "ጽሓይና መሊኣ ክትበርቕ" ዝብል ጭርሖ ሐዚም ብዘይካ ኣብ ቦሎኛ ኣብ ሰሜን ኣሜሪካን ካልኦት ሃገራትን ዑደት ገይሮም ነይሮም። ንኣብነት ግሪክ ናይ ብዙሓት መንእሰያት መንጠሪ ባይታ ብምዃና፡ ብዙሕ ኤርትራዊ ስለ ዝርከብ፡ እታ ጉጅለ ባህሊ ኣብኡ ምርኢት ኣቕሪባ። ኣብ 1991 ድማ ናጽነት ምስ ኮነ "ጽሓይና መሊኣ በሪቓ" ዝብል ጭርሖ ሐዚማ፡ ኣብ መዘዞሚ ፈስቲቫል ቦሎኛ ተረኺባ።








***ብውልቅኻ ዢ ኣብ ሰለስተ ዓመታት ብጉጅለ ባህሊ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ዝቐረበ መደባት ዝበረ ሃሞሁ ከመይ ትዝክሮ?***

ብፍሉይ ዝዝክሮ እቲ ተጋዳላይ ካብ ሜዳ ትኽ ኢሉ መጺኡ፥ ምስቲ ናይ ደገ ባህልን ኣተሓሳስባን ክጻልዎ ዝኽእል ብዙሕ ህዝቢ፥ ከምኡ'ውን እቲ ህዝቢ ምስ'ቲ ተጋዳላይ ኣብ'ቲ ህዝቢ ዝበሮ ስምዒታት ምትሕቝቛፍን እዩ። እቲ ህዝቢ ተጋዳላይ እናበለ ክሓቑፎም ከሎ ይዝከረኒ። በቲ ዘርኣይዎ ምርኢት ክሳብ ክንደይ ልቢ ሰብ ይሰልቡ ከም ዝበሩ እዝክር።

***ሚላኖ ኣብ ሜዳ ወሩይ ክዳን እዩ ነይሩ። ብዛዕባ ኣመጻጽኣ ናይ'ቲ "ሚላኖ" ዝብል ስም ሓብሬታ እንተ ትህበና?***

ገለ ገለ ተጋደልቲ ኣብኡ መጺኦም ምስ ረኣይዎን ምስ ተኸደኑዎን ምስ ሜዳ ዝኸይድ ኮይኑ ረኺቦሞ። ዝጠዝሕ ሰብ ካብ ዓዲ ጥልያን ወይ ብዓዲ ጥልያን ኣቢሉ ክሰለፍ ከሎ፡ ከምኡ ለቢሱ ናብ ሜዳ ስለ ዝኣቱ ድማ፡ 'ካበይ ኣምጺእካዮ?' ክበሃል ከሎ "ካብ ሚላኖ" ይብል ስለ ዝበረ፥ እታ ስም ብኸምኡ እያ ጠቢቓ። ደሓር ውድብ ህዝባዊ ግንባር ከምኡ ዓይነት ክዳን ክጠልብ ምስ ጀመረ፥ እታ ስም'ውን ብኡ ኣቢላ ቀጺላ።

# ተኽኣላ ከተማ

24 ክፋል

**ተኽኣላ ከተማ፡ ኣብ 2004 ሃማመተኤ ብስም ዋሪ ፕሮዳክሽን ኣብ ዝዳለወ ናይ ፊልም ጽሑፋት(script) ወድድር፡ ክልቴል ብዙብል ኣርእስቲ ቀዳመይቲ ዝወጸት ስራሕ'ያ።**





ብንያም ፍስሃጽዮን

“ንስኻትኩም በለጸኩም ትሓድሩ ስለ ዘለኹም ከምኡ እንተበልኪ ኣየኽፍኣልኩምን'ዩ።” ሳምራዊ ነዲሩ ስለ ዝበረ ዝዛረቦ ዝበረ ዘረባ ክቆጻጸር ይኽእል ኣይነበረን። “ዝኾነ ኩይኑ እተን ንሰምኦን ዝሃብኩም ዓሰርተ ሽሕ ናቕፋ ደልየ'የ መጺአ።” ናብ ጉዳዩ ኣተወ።

“እሞ ኣነ ደኣ እንታይ ይፈልጥ ኣንታ ሳምራዊ ሓወይ።” ሕልና ካቡቲ ክትምልሶ ዘይትኽእል ዘረባ ክትዛረም ደለየት። “ስምኦን መልእኽትኻ ምስ ኣብጻሕኩሉ ቁሩብ ግዜ ክትህቦ'ዩ ተማሕጺኑካ።”

“ግዜ!” ርእሱ ነቕነቐ ሳምራዊ ዘረባኣ ምውሓጥ ኣብዩዎ። “ክንደይ ግዜ? . . . ኣብ 98 ኩናት ቅድሚ ምጅማሩ'የ እዚ ገንዘብ ሂበዮ። ክሳብ ሕጂ 7 ዓመት ኩይኑ ኣሎ ማለት'ዩ። እንታይ ደዩ ዝጕበር ዘሎ? ስምኣን ዓመታት እኳ'ዩ ኩብለለ። ንሱ ክሰርሕ እንክሎ ንሕና ድማ ሃገር ንክላኸል ኢና ዘለና። ዓመታት ሰሪሑስ ንዓይ ግዜ ሃቢኒ ክብለኒ! ቁርብ ስብኣዉነት ኣይሰምዖን ደዩ? ገንዘበይ'ምበር ክልምን እኳ ኣይመጻእኩን።”

“ኣይተጋገኻን ሳምራዊ! ግና እቲ ህይወቱ ሽሉብ ገሉብ ኩይኑ ከም ቲ ዝድለ ይሰርሕ የለን። ሎሚዶ ይሕዝኒ ጽግሕ እናበለ. . .”

“ኣይተማኻንደሉ እንዶ ሕልና! ካብኪ ንላዕሊ ንሰምኦን እፈልጦ'ዩ። ሕጂ ግና ብዙሕን ሓደትን ክዛረብ ኣይደለን'የ ገንዘበይ ዝሀበኒ እንተኾይኑ ይሃበኒ። ዕርክነትና ሓመድ ካብ ፈሰሶ ኣነ'ዉን ሓሙኽሽቲ ክኽዕወሉ ክግደድ ምኽንያይ ይፍለጥ። ኩብለሉ ከም ዘሎ ሓቢረ ክትሕዞ ምኽንያይ ድማ ንፈልጣ እዋን እሕብረኪ ኣለኹ።” ክም ዝተወድአ ሓበረ።

“ኣንታ ሳምራዊ እንታይ ክትረክብ?”

“ኩልና ሓደ ንኸዉን።”

“ኩልኻ ሓደ ምኳን እሞ መዓስ ጸቡቕ ኩይኑ! ኣብ በረኻ ክርተት ምባልኩም መንዶ ተሓገሱሉ'ዩ። ጻማኹም ክህበኩም ድማ ኩሉ ግዜ ናብ ፈጣሪ ጸሎት ንጉብረልኩም ኣለና። ኣነ ዝገበረ ገይሩ ገንዘቡካ ክመልሰን ክሕብሮ'ዩ። እዚ ትብሎ ዘለኻ ግና ሕማቕ ዘረባ'ዩ። ከምኡ ኪይበልካዮ'ዉን ሎሚዶ ጽግሕ ይሕዝኒ እናበለ ዘሕልፍ ዘሎ ህይወት ንሱ ጥራይ'ዩ ዝፈልጦ።”

“ኣነ መቸም ነጊረኪ ኣለኹ። ድሕሪ ሕጂ ክልምሕኩም ከም ዘይመጽእ ፍለጡ። ወደይ ድማ'ዩ ሞይቱ። ካልእ ይትረፍ እንታይ ተረኺቡ ክብለኒ'ዉን ዘይግበኦ ኣይነበረን። ዘይመምጽኣሉ ምኽንያት ዝጠፍኣኒ ከይመስለኪ። ግና ልቢ ኣዕበየ ሰቕ ኢለ ኣለኹ። ኣደጊ ንዘዘበረካ ጠይቂ ምግጥር ጠፊኡኒ ኣይኩነን። ሕጂ ግና ድሕሪ ሰሙን ክምለሰኪ'የ ገንዘበይ ቀሪቡለይ ከም ዝጸንሕ ግበሪ ኪይደ!” ካብ ቤት እንዳ ዓርኩ እናንጸርጸረ ወጸ።

***

ፋኑኤል ካብ ቤት ማእሰርቲ ካብ ዝወጽእ ንደሓር ምስ ወላዲቱ ፈጺሙ ክሰማምዕ ኣይከኣለን። ኣብቲ ኣጋጣሚ ድማ ብጉዳይ ነጥሪ ዝጀመርዎ ዕላል ምርድዳእ ከሊእዎም ዋዕዋዕ ክብሉ ተሰምዐ። “እሞ ጸቡቕ ገይሩ ዲኻ ትብለኒ ዘለኻ?” ወ/ሮ ታቦቱ ጅማዊቲ ገጻ ክሳብ ዝወጠሩ ብሕርቃን ኣንጸርጸረት። “ሓላፊኻ እንተኾነ እንታይዶ ክጉብረኒ'ዩ። ፈሪሐዶ ክመውት'የ ታቦቱ። ሽምጠይ ሐዘ ምስ ጦርሰራዊት ዝማገት ዝበርኩ ሰበይቲዶ ኣይኮንኩን። ንዓይ ኣገባዕቢሉ ሓላፊ ደዩ ክሕሰበለይ። ነዲኡ ዝደፍር ኣማሓሪ'ምበር ክሳብ ትማሊ ተጋደልቲ ኣጋጢሞሙና ኣይፈልጡን'የም። እዚ ግና ኣፊይ ክሕዝ ሓቢሩኒ። እንታይዶ ግበረለይ ኢለዮ'የ? ኑቲ ናብ ዝደለኻዮ ተጻፍያ ዝበርካ ወላደይ ተውሓሶ'ምበር ካልእ ዝበልክዎ የብለይን። እሞ ንሳ ትኹን ዓቕሙ በል!” ካብ ልቡን ተራገመ።

“ኣንቲ ሰበይቲ እንታይ ኢኺ ዘይትርድእኒ!” ፋኑኤል ብምሕር ምንጽርጻር ንብዖት ክስዕሮ ደለየ። “ንስኺ እንተሕርቐክዮ ዓንጾ ዓንጾ ንማዕጾ ገይሩ ንዓይ ክድህኒ'ዩ። እዚ ኪይመጽኣኒ'የ ምሳኡ ዘዛርብ የብልክን ዝበለኪ ዘለኹ። ኣብቲ ኣነ ዘለኹዎ ኩይንኪ እባ ረኣይዮ። ድፋዕ ክሰደኒ ትደልዩ ኣለኺ? ከምኡ ክገብር እንተደሊኻዮ ደላይኪ በልዮ። ደሓር ድማ ነጥሪ ደላዩ ከም ዝጉብር'የ ዝፈልጥ።”

“ሕጊ የለን ደዩ ኣብዚ ዓዲ? ሓላፊ ደላዩ ይግበር ተባሂሉ ደዩ? . . .” ፋኑኤል ዝርደኦ ስለ ዝሰኣነ ብሕርቃን ኣእዳዉ ኣወናጨፈ። “ድላዩ እናገበረካ ትም ክትብሎ ኣለካ?”

“እንታይ ደኣ ክጉብር? . . . ምስ በዓል ግዜ ተኻቲዐ ስለ ዘይወጽ ትም ኩብል ጥራይ'የ ዝኽእል። ብዙሕ ነገር ተጻዊርና ንኸይድ ዘለና ሰባት ኢና ኣዴ። ንስኺ ድማ እዋኑ ርኢኺ ሓግዝኒ። . . . ኣደኻ ከምዚ ኢላትኒ ኢሉ ክበልዓኒ'ዩ ደልዩ።”

“ወይ ጉድ!” በላ ወ/ሮ ምላሹ ኣሰደማምዋን። “እሞ ሞይተ'የ በሊ'ምበር። ብዘይግቡእ ንዘዘበልካ ርእሰኻ ኣደኒንካ ትቕብሎ እንተኼንካ ደኣ ባዕልኻ ኢኻ ኣሻዲንካዮ ዝወደይ። ብዘይግቡእ ክብድለካ እንክሎ ኣብዩም ልዕሊኡ ዘለዉ ሓሊፍካ ዘይትኸሶ።”

“ኣየ ኣደ!” በለ ፋኑኤል ወላዲቱ ስለ ዘይተረድኦኣ እናተሓሳሰበ። “ከመይ ገይረ'የ ናብቶም ልዕሊኡ ዘለዉ ክሓልፍ? ከምዚ ምእንት ማርያም መሓረኒ ክርስቶስ ደዩ ዝመስለኪ ዘሎ? . . .ዝገደደ እንተመጺኒኸ! ኣደይን እግረይን ኣከቢዶ ዝተበሃልክዎ ገይረ እኸይድ ባዕለይ ኣብ ጸገም እኣቱ!” ብምባል ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን እዋን ሰቕ ኢሉ ክቕጽል ምኳኑ ኣብርሃለን።

“ድሕሪ ሕጂ ከኣ ምስኡ ክትቕጽል ኢኻ? ምስ ዓጋም ዝተጸግዐ ቀልቋል ኴንካ ክትጉብር?”

“እንታይ'ሞ ክገብር ኣደ? ከይፈተኻ እኳ'ዩ። ካልእ ኣማራጺ እንተዘይብልካ እንታይ ክትገብር ትኽእል? ሓዲጊኪ ሃጽ ከይብል ድማ ብድሕረይ ዝርእዮ ሓዊ ዘይብለይ ኩይኑ።”

“እንታይ'ሞ ክንብል! ባዕላ እታ ኪዳምሀረት ንኹሉ ተዉግሓለ። በዓል ክፉእ ድማ ናይ ኢዱ ኣይሰኣን'ምበር እንታይ ኩብል ኩይኑ። . . . . እሞ ምስዞም ሰድራኽ እንታይ'ዩ ዝግበሮ? ኣንታ ቈልዓ፡ ሰብ ኢና ቀቲልናሎም ዘለና።”

“ነጥሪ ክንዛረረብ ምኳና ሓቢሩኒ ኣሎ።”

“ኣየ እዚ ነጥሪ'ዚ! ስሙ ዘይጠዓደዶ ግብሩ ክጥዒ ኩይኑ።”

***

“ኣየይ!” በለት ኣልማዝ ወሸጣ ብዝተፈላለየ ሕማቕ ስምዒት ከም ዝመልአ ንምግላጽ ድምጺ እህህታ እናስምዐት። “ኣደ ምኳን ዘይትምቕሎ እዋን በጺሑና።” ኣስቀርቀረት። “ቈልዓ በርቲዓትኒ እያሱ ሓወይ! ዝወለድካያ ቈልዓ ከምዚ ገይራ ተፍርሓካ ድያ?” ንርእሳ'ዉን ኣገረመ።

“ከምኡ እንድዩ!” በለ ነጥሪ ብዙሕ ከይተገደሰ። “ልቢ ጉብዝ ቀጥ ልቢ ወላዲ ቀጥቀጥ ዝበሃል እኳ ምኽንያት ኣለዎ።” ግብረ መልሲ ሂቡ ናብ በረኡ ኣድሃበ። “ንስኺ ድማ ትርርር ዝበልኪ ኣይኮንክን። ወላድ ገጽካ'ዩ ዝርኢ ኣልማዝ። ንቈልዓ ገጽ ኣይተርኢ እኳ ዝበሃል። ሓንቲ ስለ ዝኾኑትኪ ባዕልኺ ኢ.ኺ. ቀብጥብጥ ኣብልኪያ።” ዝመስሎ ተዛረበ። ኣብታ ፍሊቲ ቦታ ‘The special place’ ተባሂላ ትጽዋዕ'ዮም ነይሮም።

“ከመይ ገይርካ ደኣ ወላድ ገጽ ከም ዝርኢ ፈሊጥካ?” ዝገረማ ኣልማዝ ሓተተቶ። ንሳ'ዉን በራ ሐዛ ነበረት። “ብዙሓት ቈልዑ ስለ ዘወጻእካ ዲኻ?” ኣመሳሚሳ ነቐፈቶ። “ኣቦታት ደቅኹም ምስ ዝኣኽላ እናኸድኩም!” ምሉእ ብምሉእ ከይኩሪ ንምቕሻሹ ኣኽመስመሰት። “ካብ ዓለም ዘመዉትን ሓሰዉትንሲ ገሃሩብ እሳት'ኳ ይሓይሽ ይብል ጉብራት ክሰክር እንክሎ” ነጥሪ እቲ ዘረባ ሓያል ሰንባደ ፈጠረሉ። ኣልማዝ ኩነ ኢላ ትጉጥዮ ዝነበረት'ምበር ንእግረ መንገዳ ዝተዛረበት ኣይመሰሎን። ‘እንታይ ከቢድ ሕቶ ደኣሉ እዚ!’ ኑብሱ ሓተተ።

ከም ዘይሰምዓ ከምሰል ድማ ዘልዓላ በራ ኣብ ኣፉ ወቲፉ ገለ ካልኢታት ኣጥፍአ። “ኣልማዝ ሓፍተይ እንታይ ደኣ ትጻረፊ ኣለኺ? እቶም ምስ ደቆም ዝወጹ ብዕሉጋት እባ ከይተኾሩርይዮም። ኣነ ቈልዑ ከወጸእ ርኢኽኒ ትፈልጢ ዲኺ?”

“ካብ ልቢ ዲኻ ትሓተኒ ዘለኻ?” ዕትብ ኢላ ክምልሶላ ተጸበየቶ። ነጥሪ ግና ኣብ ዘየድሊ ዘረባ ክኣቱ ስለ ዘይደለየ ክምስታ ለጊሱ ጥራይ ሓለፉ። “እሞ ክንተሓሳሰብዶ?” በሎቶ ኣዒንታ ኣዕሊባ። ነጥሪ ሽዑ'ዉን ክምስታ ኣይተፈልየን። ‘ዘየርብሑኻ ዘረባታት ኣይትመልሰሎም’ ዝብል መመርሒ'ዩ ዝትግብር ነይሩ። “ካብዘን ሰራሕተኛታተይ ንኽንደይ ከም ዘወጻእካ ዝሰሓት እመስለካ ደዩ?”

“ኣቲ ኣልማዝ በጃኺ ካልእ ኣዕልሊ። ኣነ ከም ጸወታ ተመሲሉም ዝመጹ ዘረባታት ክምልሶሎም ኣይደሊ'ን'የ። ጓልኪ ዘይትሰምዓኪ እንተላ ባዕለይ ክዛረባ ናባይ ስደድያ። ካብኡ ተረፈ ናይ ጓልኪ ኩራ ኣባይ ክተወጽእዮ ኣይትፈትኒ። መዘሓል ጉዳጽ ክትጉብርኒ በቃ!” ምንም ከም ዘይተሰምዖ ክዋዘ ፈተነ።

“ኣነስ ብኣኣ'ውን ከይትመጽኣኒ'የ ዝሰግእ ዘለኹ!”

“እዉይ!” ነጥሪ ልቡ ከም ዝመለቐ ርእሱ ደጊፉ ደነነ። ኣልማዝ ከምኡ ገይራ ኣብ ልዕሊኡ እምነት ከም ዘጥፍአት ይፈልጥ ኣይነበረን። ዘረባኣ ድማ ንኣልኣን ኣልዓልክዋ ዝብል ስምዒት'ዩ ፈጢሩሉ። “ኣቲ ኣልማዝ፡ ደቂ ተባዕትዮ ማዕረ ክንድኡ ጸይቕታት ምኻና ክትነግርና ዝደፈርኪ ኢ.ኺ. ትመስሊ። ግና ከምኡ ዲና ጓለይ? ሕጂ ድማ ምስ ኣልኣን?”

“መንግስተ ሰማይ የዋርሳ መሓዛይ ጉቶ እንታይ ትብል ነይራ መሰለካ፡ ‘እ ፈጣሪ፡ ቁንጅና ደኣ ሃበና'ምበር ዓያሹ ደቂ ተባዕትዮ ክትፈጥረልና ፈጺምና ኣይነሸግረካን ኢና’”

ነጥሪ እቲ ዘረባ ከም ዘሰሓቖ ካብ ልቢ ዘይኩነ ሰሓቕ ፈነወ። “ኣቤት ዘረባ!” ርእሱ ነቕነቐ። “ቆናጁ ምኳን'ምበር ዓያሹ ደቂ ተባዕትዮ ምርካብ ሽግር ከም ዘይኩነ ዝገልጽ ዘረባ ማለት ደዩ?”

“እዛ ቈልዓ ንደገ ከወጽኣ ሓግዘኒ።” ዘረባኡ ጉሲያ ሃንደበት ኣብ ልባ ዝበረ ሓሳብ ኣንተጕትሉ። “ከም ፍቱሕ ኩርኩር ክሕዛ ኣይከኣልኩን። ብዘይካ እዚኣ ካልእ ዝበልካ የብለይን እያሱ ሓወይ።” ተማሕጸኑቶ።

“ስለምንታይ ኢ.ኺ. ግና ከምኡ ገይርኪ ብጓልኪ ተሰፋ ትቖርጺ? ሕማቕ ተግባራት ትርእያ ኣለኺ ዲኺ? ከምኡ እንተኾይኑ ባዕለይ ክመኽራ እኽእል'የ። ትዕወል ኣላ ድያ?”

“ንሱ ደኣ እቲ ዝቐለለ እንድዩ።” ርእሳ ነቕነቐት። “ኣብ ባር እንድያ ዓብያ ኣንታ ነጥሪ ሓወይ! ወዲ ባሕሪ ምሕንባስ ኣይጽግሞን እኳ ዝተባህለ። ጓል በዓልቲ ባር ድማ ኑቲ ዝዓበየትሉ ባር እንተመሰለት ሓጥያት ኣይኩነን። ሕጂ ኣልኣን ድንግልናኣ ዓቂባ ክትጸንሕ ዝጽበያ ኣይኮንኩን። ምኽንያቱ ዓርኪ ከም ዘለዋ እፈልጥ ስለ ዝኾንኩ። . . .ትሕግዘኒ ዲኻ እያሱ?”

“እሞ ግዜ እባ ሃብኒ! ክሳዳ እንተኾይና ዘለኒ ሓላፍነት ተጠቂመ'የ። እዚ ድማ ወሕልነት እንተዘይተሓዊሰዎ ኣዝዩ ሓደገኛ'ዩ። ስልጣንካ ኣብ ጉዳይ ጥቕምኻ ምዉዓል ከቢድ መዘዘ'ዩ ዘለዎ። ግና ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን እዋን ከወጽኣ ምኳነይ ቃል እኣትወልኪ።” ኣልማዝ ስለ ዘይኣመነት ክምሕላላ ኢዳ ዘርግሐት። “ካብ ኣልማዝ ይፍለየኒ።” በለ ነጥሪ ከብዲ ኢዱ ኣብ ኢዳ። “እሞ ሎሚ ለይቲ ብሓደ ዲና ንሓድር?” ኣልጊብ ኣቢሉ ሓተታ።

“እዚ ሕቶ እዚ ደኣ ናይ ብዙሓት ዓያሹ ደቂ ተባዕትዮ ምኳኑ መን ዘይፈልጥ!”

“እቲ ሕራይ ዝብል መልሲ ድማ ናይ ብዙሓት ለጦታት ደቀንስትዮ ምኳኑ ኩልና ኣይንስሕቶን ኢና።” መለሰላ።

“ነጥሪ ሰዲ!” ተጻረፈት ኣዒንታ ተኸሊላ። ብድሕሪኡ ግና ነጥሪ ወጠጡ ኣብ ሕቑፉ ምስ ኣእተዋ ብዘይካ ዘየቋርጽ ሰሓቕ ካልእ ዝተሰምዐ ድምጺ ኣይነበረን።

ይቕጽል

# ጓል ኣንከረ ብዛዕባ ቦሎኛ

ገብሩ ክብረኣብ




## ውርሻ ቃልሲ - ንግደት ዝኽሪ

ካልኣይን መወዳእታን ክፋል

ዝነባለ ስነ-ጥበብ ዝበርም ተጋደልቲ ካብ ግንባር ናቕፋ፡ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን ካልእን ኣብ ዓራግ ምስተኣከቡ፡ ክሳብ ኣጸቢቕም ዝለማመዱ ኣዋርሕ ጸንሑ'ሞ፡ ኣብ መወዳእታ 1982 ንጥፈታት ዑደት ጀመሩ።

እቲ ዑደታት ምስ ጀመረ፡ እቶም ስነ-ጥበበኛታት ተጋደልቲ፡ ንወሽጣዊ ሰፊሕ ህዝቢ በርቢሩ፡ ዘለዓዕል ዜማታትን ግጥሚታትን ሓቝፎም'ዮም፡ ዝኸዱ ነይሮም። ጓል ኣንከረ ኑተን ናይ ሽዑ ዜማታታ ኣልዒላ፡ "እተን ናይ ሽዑ ዜማታተይ፡ ብጽልዋ ሓንቲ ካብ ሓንቲ ከበላልጸን ኣይክእልን'የ። ቀዲማ ዝተመልኣት ኑቲ ድሕሪ መስመር ዝነበረ ህዝቡና ንመጸካ ኣሎና፡ ዘሰምዕ መልእኽቲ ስለዝነበራ 'ኦ ሓፋሽ ህዝቡና' ከቢድ ጽልዋ ነይርዋ ክብል እኽእል። ድሕሪኡ ደርፌ 'ኣላሸ ኣብልናዮም' ከኣ በቃ ሻድሻይ ወራር ተመኪቱስ ዘፍ ኣብልናዮም፡ ኢላ። ኑቲ ብዝበቐዓት ምእንቲ ህዝቢ ኤርትራ ዝውፈ ድማ 'ሰውራዊ ካድር'፡ ኑቶም ኣብ ደጀን ኰይኖም ዝቕልቡና ዝነበሩ ተጋደልቲ ትገልጽ 'ክፍሊታትና'፡ ኑቲ ኣብ ውሽጥና ዝነበረ ናይ ተሞክሮ ምልውዋጥ ኾፈታ እንብሎ'ውን 'ኾፈታ' ዝብላ ደርፊታት ነይረናኒ።"

ባህሊ-ውድብ ቀይማ ማእቶት ምስ ገበረት፡ ቅልጡፍ ጥርናፈ ሰዓበ'ሞ ንዑደት ተበገሰት። ተራ ጓል ኣንከረ ዝጠዘሐ ደርፊታት ምቕራብ ነበረ። ስሕት ኢላ ድማ ኣብ መዚቃዊ ድራማ ተሳታፊት ነይራ። ኣብ ባህሊ ውድብ ምስ መጸት ዝተዓያ ደርፊታት፡ 'ማእቶት'፡ 'ንጣር ቀልዒ'፡ 'ኣሺኽ ንጸላእታ'ን ካልኦትን ድማ ብዙሕ ስምዒታትን ንቕሓትን ዘበርኽ ነይረን። ጓል-ኣንከረ ብዛዕባ እቲ ዳግማይ ምውህሃድ ባህሊ-ውድብ ምስዘከረት "ውዑይ ስምዒትን ሓያል ስነ-ጥበባዊ ወህበትን ጸኒሑኒ ኣብ ባህሊ-ውድብ። ክንወሃሃድ ግዜ ኣይወሰደን፡ ሽዑ ዑደት ኣብ ሓራ መሬትና ጀሚርና። ክብል ክብል ከኣ ባህሊ ኣብ ህ.ግ ሓደ ዝዓበየ መሳርሒ ምዃኑ ተረጋገጸ። ድሕሪ'ዚ ምንቅስቓሳትና ዓበዩ። ኣብ '84 ሕጂ ካብቲ ናይ ውሽጢ ዓዲ ዑደት ናብ ደገ ንሱዳን ኣብልና።"

ዑደት ሱዳን ንምትግባር፡ ካብ ሳሕል፡ ናብ ሰዋኪል ዝኣተወት ባህሊ-ውድብ፡ ካብኡ ድማ ናብ ፖርትሱዳንን ኣበለት። ኣዚ ገይራ ከይኣኽላ ኸኣ ድኻማ ከይጸብጸበት ኩሉ ኤርትራዊ ሰደተኛ ናብ ዝቕመጦ ከባቢታት ሱዳን ተጓዕዙትን ብዙሕ ሃገራውነት ዝቕስቅስ ንጥፈታት ኣርኣየት። እዚ ናይ '84 ዑደት፡ ቡቲ ኣብ '86 ዝተኻየደ ንሱዳን ዝዓለመ፡ ተመሳሳሊ ዑደት ተሳዒበ። እዚ ዑደታት'ዚ መሳልል ንመገዲ ዑደት ቦሎኛ ነበረ።

ብርቂ ስርሒት ምድምሳስ ናደው ኣብ ኣጋ ምዃኑ፡ ባህሊ ውድብ ብዓቕሚ ስነጥበበዊ ክእለት ዓበየት። ናብ ክልተ ጉጅለ ክትከውን ምስተወሰነ ኸኣ 'ሓየት'ን 'ዋርሳ'ን ዝብል ሲያመ ዝተሰከማ ክልተ ጉጅለታት ኰና። ሓየት ናብ ሱዳን ኾቐለት። ዋርሳ ድማ ንሓራ መሬት ምር ኢት ክተቕርብ ተበገሰት። ሓየት ዑደት ሱዳን ዛዚማ፡ ዋርሳ ድማ ዑደት ሓራ መሬት ገይራ፡ ኣብ ኣፍዓበት ምስተራኸባ፡ ንጥፈታተን ብመልክዕ ቪድዮ ተቐድሐ'ሞ ኣብ መላእ ዓለም ናብ ዝርከብ ኤርትራዊ ተዘርገሐ። ኣብ እዚ ንዘና ህ.ግ ካብ'ቲ ቅድሚ ምዝላቕ ዝነበሮ ደረጃ ብዝለዓለ ክብ ኣበሎ። ኣብ ካልእ ክፋላት ዓለም ዘሎ ኤርትራዊ ብዛዕባ ገድሊ ኤርትራ ልክዕ ከም ተጋዳላይ ክፈልጠሉ ዝኸኣለ እዋን'ዩ፡ እቲ እዋን። ኣብ ከምዚ ሃዋህው'ዩ እምበኣር መገሻ ቦሎኛ ዝተላዕለ።

ናብ ቦሎኛ ንኽትከይድ ካብ ክልተኣን ጉጅለታት ዝተሓርየት፡ ሓንቲ ጉጅለ ቆመት። ነታ ጉጅለ ንምምራጽ ኩሉ ኣባል ተሳቲፉ። ኑቲ ውድብ ብብሉጽነት ከንጸባርቕ ዝኽእልን ብዙሕነት ኣብ ግምት ዘእተወን መደባት ብምምራጽ ድማ'ዩ ዝነበረ፡ እቲ ናይ ምርጫ ኩነታት። ጓል ኣንከረ እምበኣር ምስታ ሕርይቲ ጉጅለ ናብ ቦሎኛ ተበገሰ። ጓል ኣንከረ ኑቲ ምብጋስ ጠቒሳ፡ "ክትመርጽ ከለኻ ሕጂ ፍጹም ስምዒት ኣይትእቱን ኢኻ። ወላ'ቲ ዝተርፍ'ዩ ዝመርጽ። ክንከይድ ከለና ሕጂ ቡቲ ናብ ሱዳን ንኸደሉ ዝነበርና ኣገባብ ቅድም ናብ ፖርትሱዳን ድሓር ናብ ካርቱም ኣቲና። ሕሰብ ሕጂ ብሓደ ምዕቡል ኢንተርናሽናል ኣየር ኢና ክንከይድ፣ ንሕና ኸኣ በታ ናይ ሳሕል ምስልናን ክዳንናን ኢና ዘለና። ካብኡ እቶም ጠርንፍትና ቅሩብ ክንመሻሸጥ ይሕብሩና። ኣነ ግን ፍጹም ኢሉ። ግድን ምስ ተባሃልና ግን ብኽንደይ ምዕጥጣይ ሐራይ ኢሉ፡ ተመሺጠ መቸስ! ካብኡ ናብ ቦሎኛ ቅድሚ ምብጋስና ኣብ ውሽጢ ክፍሊ



ወኪል ህግ ኣብ ሱዳን፡ መፈተዊ መደብ ተሰሪዑ። ኩልና ከምታ ኣብ ቦሎኛ ኣቲና እነቕርባ መደብ ተዳሊና። ቅድም ወዲት'ኹል ኣትዩ፡ ጸቡቕ ተባሂሉ። ድሕሪኡ ታንኪ (ብርሕቲ ወልደሰላሰ) ኣትያ ደሓር ጓል ሱሌማን (ፋጥና ሱሌማን) ሰዒባታ...በቃ ዘበለ ሰራሕ ነይሩ። ሕጂ ተራይ ምስበጽሐ እተዊ ተባሂለ እቶም ተዓዙብቲ ኸኣ ሓለፍቲ ህ.ግ ኣብ ሱዳንን መምሃራናን'የም። እትው ምስበልኩ ክሃግረካ ኣይክእልን'የ፡ ኣነ 'ኪኖ ማዕዶ' ኢለ ክጅምርን እቲ ገዛ ብሰሓቕ ክርትም ክብልን ሓደ...! እንታይ መሰለካ ጸጉረይ ተመሺጠስ ቀሪጹኒ ዝፈልጥ ሰብ ክርከብ ኣይክእልን'ዩ። ምስቲ ዝተመሸጠ ጸጉረይ ዒሉ ደየ ገለ መሲለ ተራእየዮም ማለት'ኳ'ዩ። ዝኾነ ኰይኑ እቲ መፈተኒ ፕሮግራም ተዛዚሙ ንቕሎ ናብ ቦሎኛ ኰይኑ።"

ንጽባሒቱ ብጉዕዞ ተበጊሱ - ንቦሎኛ። ቅድም ናብ ሚላኖ ምስ ኣተው ከኣ ናብ ቦሎኛ ሰገሩ። "ኣብ ቦሎኛ ሕጂ ሰለስተ ነገራት'የ ቅድም ዝብል፡ እቲ 'ስተጅ'፡ እቲ ህዝቢ፡ እቲ ዘለዎ ስምዒት ከኣ። ቦሎኛ ብዙሕ ኣየስተማቐርናዮን፡ ተጸሊኡና። ግን እቲ መደብ ምስተሰርዐ 'ኪኖ ማዕዶ' ሒዘ እትው ክብል፡ ኣብቲ 'ስተጅ' ብዝረኣኽዎ ስምዒት ኣዚ ህዝቢስ ወላ ካልኣይ ሳብ ተወሊደካ ከማን እንተትጋደለሉ ኣቢሉኒ። ምኽንያቱ፡ እቲ ስምዒት ናይ ህዝቢ፡ እቲ ንናጽነት ዘለዎ ህርፋን፡ እቲ ዘለዎ ናፍቖት ናይ ኣሕዋቱ...ሕሱብ ኩሉ ህዝቢ ካብ ኩሉ ዓለም'ዩ መጺኡ። ኩሉምሉ ክትገልጾ ዘይትኽእል ስምዒት ኣለዎ፡ ኣብቲ መወዳእታ ናይታ ደርፌ ዳርጋ ብኽያት'ዩ ዝመጸኒ። ቡቲ ቡቲ እቲ ስምዒታት ናይቲ ህዝቢ የሕብረካ ቡቲ ኸኣ ንሰኻ'ውን ፍጡር ስለዝኾንካ ቡቲ ናፍቖቶም ይሰመዓካ፡ ትደፋነቕ።"

ፈስቲቫል ቦሎኛ ንጓል ኣንከረ ድርኺት ነበረ። "ቦሎኛ ሓይሊ'ዩ ሂቡኒ፡ ካብቲ ሽዑ ዝተፈጥረ ስምዒት ካልእ ገድሊ ክቕጽለሉ ዝኽእል ድርኺትን ሓይሊን ረኺበ፡ ምሽ ኣለካ ከምዚ ንሓዋሩ ምግዳል ዝብል እምነት መመሊሱ ኣሕዲሩለይ።" ምስበለት፡ ኣሕፊሻ ኸኣ ከምዚ ኢላ፡ "ኣነ ኣብ ህ.ግ ዘይተመሃርክዎ የለን። ብዙሕ ተማሂረ። ሰሩዕ ትምህርቲ እንተዝህሉስ "ፕላስ ፎር፡ ፕላስ 5" መበልኩ። ሃገራዊ ስምዒትና የገርመኒ'ዩ። ወላ ንባዕሉ ቦሎኛ በጺሕካ ወላ ናብ ካልእ ክፋል ዓለም ከይድካ ንሳሕል ክትምለስ ቀሊል ኣይኰነን። ኣነ ሓንቲ ዝብላ ኣብ ዝኾነ ዓለም ከይደ ክኑበረሉ ዝኽእል ብቕዓት፡ ቅድሚ ናጽነት ይኹን ኣብ ፈስቲቫል ቦሎኛ ይኹን ድሕሪ ናጽነት፡ ወላ ሕጂውን ኣብ ቦሎኛ ሒዘዮ ዝኸድኩን ዝኸይድ ዘለኹን ኩሉ ዓቕምታተይ ካብ ህ.ግ'የ ተማሂረዮ።"






# ውርሻ ቃልሲ - ንግደት ዝኽሪ

ናብ ጉዛኣን እትው ምስ በልኩ፣ ኣብ ሳሎን ተቐሚጠን ሰእሊታት ቀደም እናረኣያ ብፍሕሹው ገጽ ተቐበላናኒ። እቲ ሰእሊታትን ዝፀን እቲ ሰእሊታትን ብዙሕ ዛንታ ዝዋቒረ ምዃኑ ድማ ተንሰኣን ኮፍ ምስኣበላኒ ካብ ዝተዛረባኒ ተገንዘብየ። እቲ ሰእሊታት ዝተፈላለየ ነበረ፣ በቲ ሰእሊታት ዝተቐስቀሰ ድማ'ዩ መወዳእታኡ ዕላልና ተቐይሩ።

እንግሊዝ ንጥልያን ሰዒሩ ናብ ኤርትራ ኣብ ኣጋ ምእታዉ'የን ኣብ ዓዲጉብራይ - ዞባ ደቡብ ተወሊደን። ሰለስተ ኣዋልድ ዝርከባኦም፣ ሸድሽተ ውሉድ ንዝፈረዩ ሰድራ ሃይለ ሰሎሞን፣ ሕሳስ ልደ ጓሎም'የን። ዝኣሳ ብፆምንብረን ካብቶም ዓበይቲ ኣሕዋተን ክቱር ሕንቃቕ የስተማቕራ ነይረን። ግናስ ሕቖ'ፌ ኣደኣን ኣይጸገባን። ኣደኣን ቅዱሳን ተወልደብርሃን ንሰን ገና ጡብ ከይገደፋ'የን ካብዛ ዓለም ተፈልየን። በዚ ዝኣክል ሓንሳብ ምስ ኣቦኣን ኣብ ዓዲ ጉብራይ ሓንሳብ ድማ ምስ'ቶም ኣብ ኣስመራ ዝሰፈሩ ዓበይቲ ኣሕዋተን እናቐያየራ ዓብየን። እምበኣር ኣብ ንእሱ ዕድመኣን ዘዘክረኦ ህይወት ገጠር ንበይኑ፣ ወይ ህይወት ከተማ ንበይኑስ ኣይኮነን።

ዓሰርተሸውዓተ ዓመት ምስደፈና፣ ኣብ ዓዲጉብራይ ዝነበሩ ኣቦኣን ከመርዕወወን ህንጡይነት ስለዘሕደሩ፣ ንሰን'ውን ተቐቢለኦ። እቲ ዝፀምርዓወን ከኣ ኣብርሃ ዞሚካኤል ምስ ዝበሃል ወዲ ኣስመራ ኮይኑ፣ ኣብ ኣኽርያ - ኣስመራ ኣተዋ። እንተኾነስ መሴ ዝተሰምዮ ሓደ ወላድ ምስወለዳ ስምምዕ ስኣኑ'ሞ ተፈላለዩ። ድሕሪ'ዚ ኣብ እንዳዓለባ ስራሕ ጀሚረን። ኣብ ዕዳጋዓርቢ ድማ ገዛ ተኻርየን። ነዚ ምጅማር ሓዲሽ ናብራ ኣለን ገለጻኦ። እንዳዓለባ እንክሰርሓ'ውን ገረንስኣ በይን ካብ ዝተባህለ በዓል ኣስመራ ክልተ ቈልዑ ወሊዱ። ምስዚ ኣቦ ደቃን ከኣ ኣብ ፓራዲዞ ክነብራ ጀመራ። ካብ ኣቶ ገረንስኣ ከኣ ብሓፈሻ ሸድሽተ ወሊዱ።

ከምዚ ኣለን እንክነብራ ብዛዕባ መሴ ወደን ሓሳብ ነበረን። ሓደ መዓልቲ ምሳይ ክቕመጥ ክወስዶ'የ፣ ይብላ ስለዝነበራ ኸኣ ወሰዳኦ። ተወልደብርሃን ዝተባህለ ተቐማጣይ ገጠር ወዲ ሓወን ኸኣ ነበረ። ንሱ ብዙሕ ጉዳስ ትምህርቲ ዘበሮ ምዃኑ ይፈልጣ ነይረን። ከምኡ ካብ ኮነስ ኣብ ኣስመራ ኣምጺኦ ከምህሮ ኣለን ምስ ሓሰበ'ውን ወዓላ። በዚ ዝኣክል፣ ንደቀን ምስ ኣቦኦም ገዲፈን ንመሴ ወደንን ንወደ ሓወንን ሒዘን ኣብ ዕዳጋ ሓሙስ ገዛ ተኻረያ። ብዛዕባ ወደንን ወዲ ሓወንን ዘከረን ክዛረባ ነተን ኣብ ቅድመና ኣብ ዝነበረት ጣውላ ብዓቢ ኽብሪ ፊትን ፊት ተቐሚጦም ዘበሩ ሰእሊታቶም-ሰእሊታት መስዋእቶም ይጥምታ ነይረን። ንዓኦም ኣመልኪተን “ሓደ እዋን ክልተኦም ዕኹኽ ምስ በሉ፣ ተወልደብርሃን ‘መሴ ሓወይ ኣቡቲ ቅኑዕ መስመር ምእታዉ ይሕሽካ ካብቶም ናይ ተጋደልቲ ሓርነት ወጺእካ ናብ ህዝባዊ ግንባር ሰገር” ክብሎ ኸሎ ተጸናትየ። ኣብ በቲ ግዜ፣ ኣብ ፈለማ ሰብዓታት፣ መንጾም ህዝባዊ ሓይሊታት መንጾም ተጋደልቲ ሓርነት ብዙሕ ኣፍልጦ ስለዘይነበረኒ፣ ነቲ ምስ ህዝባዊ ሓይሊታት ከም ፈዳይን ዝዖጹ ዝነበረ ወዲ ሓወይ ኮይኑ ነቲ ናይ ተጋደልቲ ሓርነት ፈዳይን ዝነበረ ወደይ፣ “ንሰኻ ግርም ኣለኻ፣ ወይ፣ ‘ንሰኻ ኸኣ ኣይፋልካን ክብልሲ ኣይክእልን ዝነበርኩ።” ድሕሪ ምባል ኣብ ዓሚቕ ትዝታ ተሸመማ።

ግርማይ ዝተባህለ ሓወን ኣብ ካምፖቦሎ - ፋብሪካ ነቢትን ፊኗልን



# “ቦሎኛ ካባና ሞሳ እትደሊ በዓልቲ ጽቡ'ቕና'ያ” ማማ ሂወት

ገብሩ ክብረኣብ



ደሸቅል ነበረ። ኣሰራሕቱ ጠላይን ብፆምንባርም እምበኣር ሓደ እዋን፣ “ናብ ዓዲ ጥልያን ብኾንትራት ከይደን ዝሰርሓ ደቀንስትዮ ክትደልየልና” በልዎ። ሕራይ ግርም ኢሉ ድማ ንሓብቱ ሂወትን ንጓል ሓወቦኡ ማመትን ነቲ ሓሳብ ኣካፈለን። ክልተኣተን ተቐበላኦ። ኣብቲ ሸዑ፣ ኣደይ ሂወት ሂወት ጓል ሰላሳን ሓሙሽተን ዓመት ነይረን። ናብራ ሕሰም ነይሩ። ስለዉጢ ናብራ ንምምኻር ኣብ ዓዲ ጥልያን ሓደ ሰለስተ ኣርባዕተ ዓመት ሰሪሕካ ንዓድኻ ምምላስ ቅዱስ ሓሳብ ነበረ። ሸውዓተ ዝወጽሖ ቈልዑ ኣብ ዓዲ ጉዲፍካ ምስዓድ ግና ንቕልጡፍ ውሳኔ ኣይሓገዘን። ወዓለን ሓዲረን ግን ድሕሪ ሸድሽተ ኣዋርሕ ኣብ ዓዲ-ጥልያን ተራእየ - ኣብ ከተማ ቶስካና። ጸኒሐን ክሰርሓሉ ዝጀመራ ኸኣ ኣብ ጥቓ ከተማ ፍረንስ ዝርከብ ፒዛ ዝበሃል ቦታ'ዩ። ኣብ ፒዛ ሒደት ምስ ተቐመጣ ናብ ኣስመራ ሰልኪ ገበራ፣ “እዞም ደቀይ፣ ጸላኢ ከሰፍረኩም ስለዘይከኣለ ዝገበርኩም ገይርኩም ካብ ኣስመራ ርሓቑ” ድማ በላኦም ንወደንን ንወዲ ሓወንን። ንሱ'ዩም ኸኣ “እንቋዕ ጥራይ ንስኺ ወጻእኪ። እምበር ንሕናስ ገለ ኣይክንክእለውንን ኢና፣ እንተገደደ ምእንቲ ናጽነት መሬትና ንጋደል ኣሎና። ክትሕገሲ ኸኣ ክልተና ፈዳይን ህዝባዊ ግንባር ኰንና ኣለና” ክብሉ መለሱለን። ድሕሪ'ዚ ብዛዕባ'ዞም ክልተ ደቃን ዝሰማዓ ኸኡ፣ “ሰንበቱ ናይ ዝተባህለት ፍልጥቲ ሓፋሽ ውድብቲ ገዛ ብቃንከታት ጦር ሰራዊት ከፆምዙ'ኸበ ምስተፈልጠ ምስጢር ክወጽእ ስለዝኸእል መሴን ተወልደብርሃንን ንሜዳ ወጹ” ዝበል ኸኑ። ብድሕሪዚ በዞም ክልተ ደቃን ምሕሳብ ገደፋኦ። ቀንዲ ኣተኩሮኣን ከኣ ካልእ ገድሊ ክኸውን ጀሚሩ። ኣብቲ ዝቐመጣሉ ከተማ ምንቅስቓስ ኤርትራውያን ነበረ። ንዛዕባ ሃገርን ሃገራውነትን ዘንቅሑ ገለ ገለ ህርኩታት ዜጋታት'ውን ህዝቢ ንምንቃሕ ብዙሕ ይጽዕሩ ነይሮም።

ኣደይ ሂወት ኣብ 1975 ብወግዒ ክሱብ ዘውደባ መሃይምነት ኣጥፊኣን። ብዙሕ ትምህርቲ መበኢታ ፖለቲካ'ውን ወሲደን። “እተን ደቂ ኤርትራ ደቀንስትዮ ክመሃራ፣ ኪጋደላን ክሞታን ግድን እንተዘይገይረናኦ ብዛዕባ መሰለን ክዛረባ ኸኣ ግድን ክኑብረኦ ኣይክእላን'የን” ዝበል፣ ኣተሓሳስባ ከኣ ሰረጸን። ንእኒ ኣደይ ሂወት ድማ እምበረ መጠን ጠቐመን። ንሰን ነዚ ምስዘከራ፣ “ቅድሚ'ዚ እዋን ኣብ ቅድሚ ሰብኡት ኮይንካ ሓሳብካ ክትገልጽ ሓሰበዮ ኣይፈልጥን። ምስ ተማሃርና ምስ ነቓሕና ምስ ተወደብና ግን ብሓቂ'የ ዝበልካ ካልኣይ ዝተፈጠርና መሰለና። ተሸፊኑ ዝነበረ ዓይንና ዝቕሓ መሰለና። ኣብ ፖለቲካውን ማሕበራውን ጉዳይ ኣድ ክህልወና፣ ፖለቲካን ኣካዳምን መመለሰና ክንመሃር፣ ንመሰልና ክንቃለስ ምሉእ ዕድል ተዋሂቡና ኮታስ ሰብ ምዃንናስ ሸዓአ ተረዲኡና ክብልካ ይኽእል” ኢለን ተዛረባ።

ተማሂረን ነቒሐን ምስ ተወደባ'የን እምበኣር ኣብ ከተማ ቦሎኛ ናይ ዝበረ ምትእኽኻብ ኤርትራውያን ኣካል ክኾና ዝጀመራ። እቲ ሸዑ ዞቐድኦ ዝበራ ንጥፈታት ዝተፈላለየ ነበረ። ክብጸሰ ከሎ ግን እንጀራ ብምሻጥ ጥራይ'ዩ ዝቐድ ነይሩ። ካብ ፒዛ ብኸተማ ፍረንስ ኣብልካ ንቦሎኛ ሰዓትን ኣርባዓን ሓሙሽተን ደቓይቕ ይሓትት። ቅን ቦሎኛ ክኸውን እንክሎ እምበኣር ወትሩ ንግሆ ኣብ ክልተ ከተማታት ኣደ ክኸዱ'የን ዝፍትና ነይረን። ነቲ ምእንቲ እንጀራ ዝኣተዋኦ ስራሕ ገዛ ጠላይን ኣካዊኽን ናብ ቦሎኛ ይብጽሖ፣ ኣብኡ ድማ ነቲ ዝተጋብኣ ኤርትራ እንጀራን ካልእን ብምድሳው ብፈናንሳዊ መዳይ ሰውራኣን ከይልድል ዝኽእል ዕዮ የካይዳ። እዚ፣ ዓመት መጸ ብውዱብ ኣገባብ ዝቐድ'ዩ። ብዛዕባ ንቕሓትን ኣካዳሚን ፖለቲካን ዝምልከት ድማ ክልተ መዓልቲ ኣብ ሰሙን መደብ ነበረን። ወትሩ ሓሙስ ኣካዳሚ ወትሩ ሰንበት ድማ ትምህርቲ ፖለቲካ ነበረ መደበን። ኣብ ሰሚናራታት መሃይምነት ኣጥፊኣን ፖለቲካዊ ኣተሓሳስባኣን ምስበሰለ ምእንቲ ሰውራ ኤርትራ ዘውፍያ'ዮ ግዜ ጉልበትን ንገዝዑበን'ውን ዓበዩ።

እቲ ኣብ መወዳእታ ሰማንያታት፣ ባህሊ ውድብ ናብ ቦሎኛ መጺኡ ባህላዊ ንጥፈታት ክተኳይድ ምኻና ምስተሓበረ እምበኣር ንእኒ ኣደይ ሂወት ዓቢ ብስራት ኮኑ። ብዛዕባቲ ፍሉይ ጽንብል ድማ ፍሉይ ምድላው ኣዳለዋ። ነቲ ናይ ሽዑ ምድላው እንክዘረባሉ፣ “ሕጂ በቲ ግዜ'ቲ ኩሉ ብውዱብ ኣገባብ'ዩ። ናይ ምሉእ ዓዲጥልያን ኣኼደት ኣካል ኣለው። ወረ ናይ ምሉእ ኤውሮጳ ኣኼደት ኣካል ነይሮም። ንሱ'ዩም በጠጅስ እናወረዱ ክሱብ ናይ ከበቢታት ከተማን ጨንፈርን ደብጽሑ። ነፍሲ ወከፍና እንታይ ከፆምንገብር ይንገረና። ብኡ መሰረት ከኣ ንሰርሕ ማለት'ዩ። ሕጂ'ቲ ንሰርሖ መጠነ ብዝተፈላለየ መገዲ ዝተኣከበን ዝተኸሸነን ምሻጥ ጥራይ ኣይነበረን። ናይ ባህሊ ነይሮምና። ንኣብነት ቀያሕቲ ዕምባባ ቈልዑ ነይሮም። ባህሊ ዝጉበኡ፣ ደርፊ ድራማ መዝሙርን ካልእን። ሰሚናራት ነይሩ። ክሱብ ዓበይቲ ናይ ሰውራ ኤርትራ ሓለፍቲ መጺኦም ሰሚናር ይህቡና ነይሮም። ክዝክረልካ እንተኾይኑ ሓደ ግዜ ተጋዳላይ ስቡሓት ኤፍሬም መጺኡናስ ዝኾነናዮ ከምዚ ክብለካ ኣይክእልን። “እምበኣር እዚ ሰውራሲ ዓቢ ሞያ ከፆምዘለና'ዩ ዝፈጸረና' ስለዝበልና፣ ሞራልና ምእቢረ መጠን ሓፍ ኢሉ። ካብ ሜዳ ስዓብበኛታት ናብ ቦሎኛ ምስመጹና ዝበረ ስምዒት ክገልጾ ኣይክእልን'የ። ንዓመታት ዝተኣከበ ሃገራዊ ስምዒት ህርፋን ናጽነት ሓድነት ኮታ ኩሉ ስምዒታት ሃገርን ፍቕርን ኣብኡ ተንጸባሪቑ። ኽንደይ ንሰውራ ዝጠቅም ገንዘብን ንዋትን ተበርኪቱ። ክንደይ ሞራል ሓይሊን ከኣ ተበራቢሩ” ብምባል ገለጻናኦ።

ናጽነት ምስኮነ ኣደይ ሂወት ኣብ 1993 ናብ ሓራ መሬተን ብምእታው ረፈረንዱም ኣድማጸን። ጠቕሊለን ናብ ሃገረን ዝኣተዋሉ ኸኣ ኣብ 2003 እዩ። ወይዘሮ ሂወት ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣብ ቀሓውታ፣ ን10ታት ዓመታት ከርቲተን ኣብ ዘጥረያኦ ገዛ ምስደቀንን ደቂ ደቀንን ማማቑን ብሰላምን ብፍቕርን ይነብራ ኣለዋ። ነቲ በቡሓደ እናሓዘን እናወረዳን ከዕላሉ ዝጸንሓ ሰእሊታት ምስ ኣቐመጣኦ ቅድሚ ምፍላይና ሓደ ሕቶ ሰው ኣቢለለን።

“ቦሎኛ ድሕሪ ልዕሊ 20 ዓመት ትንገድ ኣላ'ሞ እንታይ ተሰሚዕክን?

“ከምዚ ኣብ ናቕፋ ንበሎ፣ ኣብ ቦሎኛ ኤርትራዊ ታሪኽ ኣሎ። ሕጂ ከፆምዓ ባህ ምባሉ፣ ኤርትራዊ መንፈስ ኣለዋ። ፍልጠት ክሰፍሕ ሓንጎልና ክሰርሕ ሰራሓትልና'ያ። ወደብትና ንቦሎኛ እንተዘይረኽብዋ ኣዝ ኣምበይረኸብናዮን። ኣብ ግዜ ብኺያት ክንተብዑ ኣብ ግዜ ሱሓቕ ከኣ ሱሓቕ ክነውስኽ ቦሎኛ ኣብ ጐንና ነይራ። ብሓፈሻ ቦሎኛ ካባና ሞሳ እትደሊ በዓልቲ ጽቡ'ቕ ግብሪ'ያ”

# ስፖርት

ኤርምያስ ኣስፍሃ

## ከነላልየኩም

## ዳንኤል (ግራይ) - ተጻዋታይ፡ ዕዉት ኣሰልጣንን ምሩቕ ዩኒቨርሲቲን




ኣብ ቴክኒካዊ መዳይ ኩዕሶ እግሪ ዕሙቕ ዝበለ ኣፍልጦ ኣለዎ። ኣብዚ ናይ ዋንጫ ዓለም ቅንያት ኣብ ኣገልግሎት ተለቪዥን ኤርትራ ቻነል-2 ቀሪቡ ንዝቐርብ ዘሎ ግጥማት ትንተናታቱ ብዕምቆት ዝሀብ ዘሎ ከኣ'ዩ - ዳኒኤል የውሃንስ።

ብ1972 ኣብ ካምፖ - ፖለስ እምባጋሊያኖ ተወሊዱ ዝዓበየ ዳንኤል የውሃንስ (ግራይ)፡ ኣብ ነጸላ መንደቕ ዩኒቨርስቲ ኣስመራን ስታድዮም ኣስመራን ብምዕባዩ ከይትሳ ኣይተርፍን ኣብ ኩዕሶ እግሪ ምስ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ተሰሊፉ ክጻወት፡ ኣብ ትምህርቱ ከኣ ብዲግሪ ክምረቕ ዝበቕዐ። ንሱ፡ ብዘይካ'ቲ ዝሓደሮ ክቱር ፍቕሪ ምጽዋት ኩዕሶ እግሪ፡ ካብ ህጻንነቱ ሸለማት እናወሰደ'ዩ ናይ ትምህርቲ ግዜኡ ዘሕለፎ ነይሩ። በቲ ዝበሮ ብሉጽነት ከኣ ኣብ 1997 ካብ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ብቕዳማይ ዲግሪ ብምዕቃብ ማይን ሓመድን ተመሪቑ።

ግራይ፡ ኣብ ጸወታ ኩዕሶ'ውን ጸቡቕ ስጉምቲ ብቐዓትን'ዩ ነይርዎ። ካብ ንእሽቶኡ ኣብ ፊት ገዛኡ ኣብ ዝርከብ ዝነበረ ስታድዮም ኣስመራ ዝቕየድ ዝነበረ ውድድራት ኩዕሶ፡ እናተመላለሰ ይዕዘብ ስለዝነበረ ፍቕሪ ጸወታ ኩዕሶ ኣብ ደሙ ሰሪጹ ዓበየ። ኣብ 1992 በደሉል ምስ እትብሃል ናይ 2ይ ዲቪዥን ናይ ፋብሪካ ክርቢት ጋንታ ስሩዕ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ጀሚሩ። ኣብ ተመሳሳሊ ግዜ ከኣ ናይ ቀዳማይ ዓመት ተመሃራይ ዩኒቨርስቲ ኮይኑ ትምህርቱ ጀሚሩ።

እዚ ቁልጠፍን ቴክኒካዊ ክእለት ዝውንንን ኮሰን ናይ ጸጋም ብሉጽ ኣጥቃዓይ ዝነበረ ግራይ፡ ንጋንትኡ በደሉል ጸቡቕ ኣበርክቶ ገይሩላ'ዩ። ጋንትኡ በደሉል ኣብ ሓጺር ግዜ ናብ 1ይ ዲቪዥን ምስ ሓለፈት፡ ኣብ ናይ ኣውዲቕካ ምሕላፍ ነታ ሽዑ ሓያል ተጻወትቲ ዝነበሩዋ ሻምፕዮና 1ይ ዲቪዥን ዝነበረት ኣልታሕሪር 2-1 ዝሰዓረላ ጸወታ፡ እታ ዘይርስዓ ጸወታ'ያ።

ግራይ፡ ኣብ 1993 ኣባል ሃገራዊት ጋንታ ክኸውን ተመሪጹ። ምስ ሃገራዊት ጋንታ ምስ ከም በዓል ኣቶ ተኪኤ ኣበርሃ፡ ሓጎስ ደስታ፡ ሙሽር ዐስማን ዝኣመሰሉ ኣሰልጠንቲ ከኣ ክሳብ 1998 ነጢፉ። ኣብ 1995፡ ኣብ ኣስመራ ምስ ሃገራዊት ጋንታ ኢትዮጵያ እናገጠሙ ብፍሉይ ጥበብ ቀለዐ ብ90 ዲግሪ ዘመዝገባ ሽቶ እታ ብፍሉይነት ዝዝክራ ብልጽቲ ሽቶኡ'ያ።

ብድሕሪ ጋንታ በደሉል፡ ምስ ጋንታታት ኣስመራ በራ፡ ሓይሊ ኣየርን ቀይሕ ባሕርን ብብቕዓት ዝተጻወተ ግራይ፡ ኣብ 2001 ብምኽንያት ማህረምቲ እግሪ ጸወታ ኩዕሶ ኣቋሪጹ። ፍቕርን ኣፍልጦን ናይ ኩዕሶ እግሪ ስለዝነበሮ ግን ነቲ ዓውዲ ብሞያ ምስልጣን ክቕጽሎ መሪጹ።

ኣብ 2003/2004 ብጉዳም ኣሰልጣኒ ጋንታ ኤሌክትሪክ (ቀይሕ ባሕሪ) ኣቶ ፍስሃየ ደሳለኝ ምኽሪ እናተዋህቦ፡ ኣብ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ናይ ቴክኒክ ኣማኻሪ ኮይኑ ክሰርሕ ጀሚሩ። ሽዑ ዓቕሙን ፍልጠቱን ዘስተውዓሉ ከም በዓል ብርሃነ ረዘነ ኢታሎ ቫሳሎን ዝኣመሰሉ ኣሰልጠንቲ፡ ንግራይ ኣሰልጣኒ ኮይኑ ክቕጽል ምትብባዕ ይገብሩሉ ነይሮም። በዚ መሰረት፡ ኣብ 2005/2006 ኣብ ጋንታ ህንጻ ምስ ኣሰልጣኒ ገዞኢ ተስፋጋብር ከም ተሓጋጋዚ ኮይኑ ስራሕ ምስልጣን ኣሃዱ ኢሉ ፈለመ። ሓደ እዋን ህንጻ ኣንጻር ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ትገጥመሉ ዝነበረት፡ ኣሰልጣኒ ገዞኢ ስለዘይነበረ፡ ዳንኤል (ግራይ) ነታ ጋንታ ከም 1ይ ኣሰልጣኒ ኮይኑ ናብ ሜዳ ንፋልሞዶ ኣትዩ። ብዘርም ኣገባብ ከኣ 2-0 ንጋንትኡ ኣዕዊቱ ምስ ወጽአ ዝያዳ ርእሰ ምትእምማንን ፍናን ክረክብ ጀሚሩ።

ብድሕሪ'ዚ ብሓገዘ ኣሰልጣኒ ብርሃነ ረዘነ ንጋንታ ኣኸርያ ከሰልጥን ተሰማሚዑ። ምስ ጋንታ ኣኸርያ ኣብ ናይ ክልተ ዓመታት ጻንሒቱ፡ ነታ ጋንታ ሓያልን ተወዳዳሪትን ከም እትኸውን ገይሩ። ምስ'ታ ጋንታ ኮይኑ ከኣ ንፋልማይ ግዜ ናይ 4 2 3 1 ቅዲ ጸወታ ዘተኣታተወ ኣሰልጣኒ ነይሩ። ግራይ፡ ነዚ ንፋልማይ ዘተኣታተዎ'ሞ ኣብ ሃገርና ብዙሓት ኣሰልጠንቲ ዝጥቀሙሉ ዘለው ወጽኢታዊ ዝኾነ ቅዲ ኣጻዋውታ 4፡2፡3፡1 ኣብ 2006 ኣብ ሞሮኮ ብዝወሰዶ ኮርስን ብዘተዓዘቦ ናይ ኤውሮጳ ጸወታን ከም ዘማዕበሎ ይዛረብ።

ኣብ 2008 ንግራይ ብጋንታ ተሰፋን ቀይሕ ባሕርን ጸወዒት ቀሪቡሉ። ምስ ቀይሕ ባሕሪ ክቕጽል ከኣ ተሰማሚዑ። ንክለብ ቀይሕ ባሕሪ ንኽልተ ዓመት ኣሰልጠና። ንሱ፡ ነታ ክለብ ሰለስተ ናይ ኣውዲቕካ ምሕላፍ፡ ክልተ ናይ ሻምፕዮና፡ ሓንቲ ናይ ኣሰፋው (ኩቺ) ሓንቲ ናይ ሻምፕዮን ኤርትራ፡ ብሓፈሻ 7 ዋናጩ ብዘኸቲታታሊ ከም ትዓትር ገይሩ። ኣብ 2010 ካብ ክለብ ቀይሕ ባሕሪ ብምፍናው፡ ብዝበሮ ደረጃ ትምህርትን ተመኩሮ ምስልጣንን ናብ ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ዳሬክተር ቴክኒክ ኮይኑ ክሰርሕ ተመዚዙ ይሰርሕ ኣሎ። ዳንኤል ግራይ ኣብዚ ሕጂ እዋን ፕሮጀክት ኩዕሶ እግሪ ህጻናት(Grass roots) ኣተኣታትዩ ብዝልዓለ ዝሰርሓሉ ዘሎ መደብ'ዩ። ብተወሳኺ ከም ኢንስትራክተር ኮይኑ ዝተፈላለየ ኮርሳት ንኣሰልጠንቲ ሂቡ'ዩ።

ምስ ክለብ ቀይሕ ባሕሪ ከም ኣሰልጣኒ ገይሹ ከሎ፡ ካብ ያንጋ ዝተባህለት ናይ ታንዛንያ ዓባይ ጋንታ ጸወዒት ቀሪቡሉ ከም ዝነበረ፡ ኣብ ዓደይ ምምዕባል ይሕሸኒ ብምባል ነቲ ጸወዒት ኣጺጉ ከም ዝተመልሰ ዝገለጸ ዳንኤል፡ መጻኢ መደቡ፡ ኩዕሶ እግሪ ህጻናት ምዕባይን ምቛም ቤ/ት ኩዕሶ እግርን ቀዳሞት ዝሰርያም ክኾኑ ከለው፡ ነዚ ኣንፈት ረኺቡሉ ዘሎ ናይ ፊፋ ኣማኻርን ኢንስትራክተርን ክኸውን ምጽዓር ምኳኑ ከይጠቐሰ ኣይሓለፈን።

## ሳ ኛ - እቲ ብሉጽ ናይ የማን ተኸላኻላይ

መብዛሕትኦም ደቂ ጋንታኡ "ባክ" ኢሎም ይጽውዕዎ። ንሱ፡ ብ14 ለካቲት 1983 እዩ ኣብ ፈረንሳ ተወሊዱ። ምሉእ ስሙ ድማ ባካሪ ሳኛ'ዩ። እዚ ምስ ኣርሰናልን ሃገራዊት ጋንታ ፈረንሳን ተሰሊፉ ዝጻወት ሳኛ፡ በቲ ማናጀር ክለብ ኣርሰናል - ኣርሰን ቨንገር "እቲ ዝበለጸ ናይ የማን ተኸላኻላይ" ፕሪምየር ሊግ ተባሂሉ'ዩ ዝገለጾን ዝምስከረሉን።

ሳኛ፡ ንጸወታ ኩዕሶ እግሪ ስርሐይ ኢሉ ምስ ክለብ "ኦዘረ" ብምፍላም ካዊሕ ከይጸንሐ ኣብ ኩዕሶ እግሪ ክእለቱ ብምርኣይ፡ ኣባል'ታ ኣብ 2005 ንዋንጫ ፈረንሳ ዝጨበጠት ብልጽቲ ጋንታ ንምኳን ዝበቕዐ'ዩ። ሳኛ፡ ብ12 ሓምለ 2007፡ 9 ሚልዮን ዩሮ ተባሂሉ ብዝግመገም ገንዘብ ካብ ኦዘረ ናብ ኣርሰናል ምስ ግዓዘ ነታ ቅድሚኡ ናይ ቅድም ተኸላኻላይ ነበር ኣሽሊ ኮል ዝወድያ ዝነበረት ማልያ ቁጽሪ 3 ለቢሱ ድሕሪ ሰሙን፡ ማለት ኣብ 19 ሓምለ 2007 ኣንጻር ቱርካዊት ክለብ ጀንስለርበርልጊ ኣብ ዝተኻየደ ምሕዝነታዊ ግጥም'ዩ ፈለሞኡ ተጻዊቱ። ኣብዚ እዛ ሓዳስ ክለቡ 3-ብ0 ዝተዓወተትሉ ንዕኡ ናይ መጀመርታ ታሪኻዊ ግጥም ሳኛ ኣብ ምዕዋት ኣደ ክለቡ ንኡድ ተራ ተጻዊቱ'ዩ።

ኣብ ለካቲት 2008 ኣብ ጎባል ሊግ ካልኣይ እግሪ ኣንጻር ኤሲ ሚላን ንምግጣም እናተሸባሸበት ከሎ፡ ማለት ሰሙን ተሪፉዋ ኸሎ ንሳኛ ምዕባዩ ሓው ዝኾነ ዑመር ሳኛ ኣብ ድሮ መበል 28 ዕለተ ልደቱ ምስ ሞተ ባካሪ ሳኛ ከቢድ ሓዘን ወሪዱዎ እንተነበረ ወላዲኡ ብዘገበረሉ ምትብባዕ ኣብ ጸወታ ተሰሊፉ ጋንትኡ ንምዕዋት ልዑል ኣበርክቶ ገይሩ። ከምቲ ሳኛ ዘፍቅራ ኣርሰናል'ውን ብኣኡ ሕጉስቲ ብምንባራ ኣብ ፈለማ ወቕቲ 2008-2009 ንውዕሉ ክሳብ 2014 ኣናውሓትሉ።

ሳኛ፡ ዋላ'ኳ ኣብ ጸወታ ማህሰይትታት የጓንፎ እንተነበረ ዝክኣሎ ብምግባር ኣብ ወቕቲ (2010-11) ኣብ ስታድዩም ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ኣንጻር ሰልቲክ ኣብ ዝተሰላሰለ ግጥም ናይ መጀመርታ ሽቶ ብምምዝጋብ ክለቡ 3-ብ2 ክትዕወትን ንኻልኣይ ግዜኣ ዋንጫ ኢማራት ክትዓትርን ዝበሮ ግደ ልዑል'ዩ ነይሩ።

ኣብ 9 ለካቲት 2013 ኣንጻር ሳንደርላንድ ዝተጉበረ ግጥም ብማህሰይቲ ንዝተኣልየ ላውረንት ተኪኡ ካብ ልሙድ ቦታኡ ወጻኢ፡ ማለት ኣብ ድሕሪት ማእከል ክስለፍ ተገዲዱ'ኳ እንተነበረ ኣብዚ'ውን ልቢ ተዓዚቦ ዝሰለበ ድንቂ ጸወታ ኣርኣዩ። ኣብ ወቕታዊ ውድድራት 2013-2014 ከኣ ንተወዳዳሪኡ ዝኾነ እንግሊዛዊ ካርል ጀንክሰን በዓሉ ናይ ቅድም ቦታኡ ብምዕቃብ ሰሙን ሰም ክለቡን ዘድምቕ ጥበባዊ ክእለቱን ኣበርክቶኡን ቀጺሉ።

ሳኛ፡ ምስ ሃገራዊት ጋንታ ፈረንሳ ተሰሊፉ ኣብ ኣህጉራዊ ግጥማት'ውን ብውሕሉል ኣጻውታኡ ብቕዓቱ ኣመስኪሩ'ዩ። ኣብ ክራማት ናይ 2007 ፈረንሳ ንስሎቫክያ 1-ብ0 ዝሰዓረትሉ ምሕዝነታዊ ጸወታ፡ ኣብ'ቲ ኣብ ጥቅምቲ ናይ'ዚ ዓመት ብተመሳሳሊ ኣብ ደሴታት ፋሩ ንመቓናቕንታ 6 ብ 0 ዝደሃኸትሉ ግጥም ኣብ ምዕዋት ክለቡ ዝበሮ ተራ ዕዙዝ ነበረ።

ሳኛ፡ ጥዕናኡ ምስ ተመሓየሸ ናብ ሃገራዊት ጋንታ ፈረንሳ ብምምላስ ኣቡቲ ኣብ ኑሓሰ 2008 ኣንጻር ስዊድን ዝተኻየደ'ሞ ሰለስተ ብኽልተ ብዓወት ጋንታኡ ዝተዛዘመ ምሕዝነታዊ ግጥም ብሉጽ ጸወታ ኣርኣዩ። ኣብ ውድድር ዋንጫ ዓለም ፊፋ 2010 እውን ሓደ ካብቶም ሕሩያት ኮይኑ - እንተላይ ኣብ'ቲ ፈረንሳ ኣብ መድረኽ ጉጅለ ከላ ብደቡብ ኣፍሪቃ ተሳዒራ ዝተገለፈትሉ ጸወታ ኣካል'ታ ጋንታ ነይሩ።

ብሓፈሻኡ ባካሪ ሳኛ ሓደ ካብቶም ኣለው ዝበሃሉ ተጻወቲ ኩዕሶ እግሪ ናይ ዓለም ኮይኑ ኣብ ላዕሊ ከም ዝተኣመተ ኣብ ወቕታዊ ውድድር 2006 - 07 ናይ'ቲ ምሉእ ወቕቲ ብሉጽ ተጻዋታይ ኣዚ ፡ ኣብዚ ዝተጠቕሰ ዓመት ከምኡ ምስ'ታ ብልጽቲ ጋንታ ሊግ 1 UNFP ፡ ኣብ 2007 - 8 ፡ ከምኡ'ውን ኣብ 2010 - 11 ድማ ምስ ምርጽቲ ጋንታ ፕሪምየር ሊግ PFA ክርቋሕ ክብሪ ዝረኸበ በዓል ስምን ዝናን'ዩ።

ሳኛ መበቆሉ ሴኔጋል ኮይኑ ተኸታሊ እምነት ምስልምና'ዩ። ንሱ፡ በዓል ሓዳርን ኣቦ ክልተ ቈልዑን'ዩ። በዓልቲ ቤቱ ሉዲቪን ትብሃል። ምስ ደገፍቱ ንምርኻብ ከኣ ትዊተር'ዩ ዝጥቀም። ሳኛ፡ ንፉዕ ተጻዋታይ ኩዕሶ እግሪ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ መጋቢት 2011 ናይ'ቲ ብሓይሊን ጽልዋን ኩዕሶ እግሪ ምስፍሕፋሕ ኤችኣይቪ ንምግታእ ዝንቀሳቐስ ኣህጉራዊ ትካል ኣምባሳደር ብምዃን ክሰርሕ ዝርከብ ገባርን ደላይን ሰናይ'ውን እዩ።





# ሰንበት ምስ ቆልዑ

ሰናይ ዮናስ



## ወግዒ ኣቦይ ያሲን



ኣሰላሙ'ዓሌኩም ፍቱዋት ደቀይ! ከመይ ቀኒኹም። ሎም ቅነ ብተደጋጋሚ እትጥቀስ ዘላ ከተማ ኤውሮጳ እንታይ ትበሃል? ኣይዋ እዛ ከተማ'ዚኣ ምስ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝተኣሳሰር ታሪኽ'ዩ ዘለዋ። ካብ 1974 ዓ.ም ኣትሒዞም ኣብ ስደት ዝነብሩ ኤርትራውያን: ፌስቲቫል ብምክያድ ብዛዕባ ሃገሮም ዝዝትዩላ ዝነበሩ ታሪኻዊት ከተማ'ያ። እዛ ከተማ'ዚኣ ኣብ ኢጣልያ እትርከብ ኮይና "ቦሎኛ" ትበሃል። "ስለምንታይ'ዩም ኤርትራውያን ኣብ ቦሎኛ ፌስቲቫል ይገብሩ ነይሮም?" እንተኢልኩም ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ሃገርና ኤርትራ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ስለ ዝነበረት'ዩ። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ገዛእቲ ዘይመሬቶም ብሓይሊ ኀቢጦም ብምሓዝ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ እዚ ዘይብሃል ግፍዕታት ይፍጽሙ ስለ ዝነበሩ : ኤርትራውያን ገለ ንበረኻ ገለ ከኣ ናብ ስደት ኣምሪሖም። እዞም ኣብ ስደት ዝነበሩ እምበኣር'ዮም ኣብ ወጻኢ ኮይኖም ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንምሕያል ዝጽዕሩ ዝነበሩ። ሓንቲ ካብ'ተን መወዳድርቲ ብዘይብሉ ውዕዉዕ ሃገራዊ መንፈስ ዝተኣኻኸቡለን ዝነበሩ ከተማ ከኣ ቦሎኛ'ያ ነይራ። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት ኤውሮጳ ዝመጹ ኤርትራውያን ስደተኛታት ሓድነቶም ኣትሪሮም ነቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ግፍዕታት ዝፍጽም ዝነበረ ጸላኢ ንምግጣምን ንምስዓርን ሓገዛት ይገብሩ ነበሩ። ፍቱዋት ደቀይ ፌስቲቫል ኤርትራ ኣብ እዋን መግዛእቲ ኣብ ቦሎኛ ዝግበረሉ ዝነበረ ምኽንያት ተረዲኡኩም ኣሎ። ሃገርና ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ጸላኢ ስለ ዝነበረት'ዩ። ናጽነት ጥዑም ስለ ዝኾነ ግን ካብ ድሕሪ ናጽነት ጀሚሩ ፌስቲቫል ኣብ ውሽጢ ሃገር ኢና ንገብሮ ዘሎና። ንስኻትኩም'ውን ትሳተፉዎ ኢኹም። ጠቕሚ ፌስቲቫል ግን እንታይ'ዩ ትፈልጡዎ'ዶ? ብዙሓት'ኳ ትፍልጡዎ ኢኹም! ፌስቲቫል ብሓጺሩ መግለጺ ሓድነትን ስኒትን: መግለጺ ሃገራውነትን መንነትን'ዩ። ኣብ ፌስቲቫል'ዶ ኣስተውዒልኩም ኣለኹም? ኩልና ኤርትራውያን ኢና ንሳተፎ። በዚ ከኣ'ዩ ፌስቲቫል "ንእሽቶ ኤርትራ" ዝበሃል። ኣብ ውሱን ቦታ ኮይንካ ናይ ነፍስ ወከፍ ብሄራትና ባህሊን ኣነባብራን ትፈልጥ። እዚ ስለ ዝኾነ ከኣ'ዩ ንፌስቲቫል ኩሉ ዝብህጎን ብሃንቀውታ ዝጽበዮን። በሉ ፍቱዋት ደቀይ "ፌስቲቫል ቦሎኛ" ምስ ቃልሲናን ታሪኽና ምትእስሳር ስለ ዘለዎ ብዛዕብኡ ኣዕሚቕኩም ክትፈልጡ ጽዓሩ! ርሑስ መበል 40 ዓመት ዝኽሪ ፌስቲቫል ንኹልና ሰናይ ክራማት!

ጸጉረይ ክነውሕ ኮይኑ ዘሎ!



ክንደይ ኪሎ ሜተር ኮይኑ ማለት'ዩ?




## ንመለበሚ


ሄኖክን ሮቤልን ኣዕሩኽ'ዮም። ክልቲኦም 5ይ ክፍሊ ኮይኖም ኣብ ሓንቲ ክፍሊ'ዮም ዝመሃሩ። ሄኖክ ኣብ ትምህርቱ ዝግደስ፣ ኣብ ክፍሊ ዘይርብሽ፣ ዘይተረድኦ ዝሓትት፣ ዕዮ ገዛ ኣብ እዋኑ ይሰርሕ፣ ብዝኸውንን ዘይከውንን ዘይቦኩር፣ ናብ ኣብያተ መጻሕፍቲን እናኸደ ንትምህርቱ ዝሕግዙ መጻሕፍቲ የንብብ። ኣብ ኢንተርነት ካፈታት እናኸደ ድማ ንፍልጠቱ ዘስፍሕ ዝተፈላለየ ትምህርታዊ ትሕዝቶ ዘለዎም ጽሑፋት ክፍትሽ እንከሎ፣ ሮቤል ግን ብኣንጻሩ ኣብ ትምህርቱ ዘይግደስ ጸወታ ጥራይ ዝፈቱ፣ ኣብ ክፍሊ ይርብሽ፣ ዕዮ ገዛ ኣብ ክንዲ ባዕሉ ዝሰርሖ ሓደ ሓደ ግዜ ይርስዖ ሓደ ሓደ ግዜ ከኣ ካብ ካልኦት ቀዲሑ የእርሞ ነበረ። ሮቤል ናብ ገዛ ሄኖክ እናኸደ ገለ እዋን ኩዕሶ ሒዙ ገለ እዋን ከኣ ካልእ ዓይነት መጻወቲ ሒዙ ንመጸ'ሞ " ንዓናይ ንጻወት" ይብሎ። ሄኖክ " ሕጂ ኣይጻወትን'የ የጽንዕ'የ ዘለኹ" ምስ ዝብሎ፣ "ክላ ንስኻ ከኣ ፈተና ጌና እንድዩ ምስ ቀረበ ዘይተጽንዕ" ይብሎ። ሄኖክ " መጽናዕቲ ፈተና ክቐርብ ከሎ ጥራይ ዘይኮነ ዘዝተማሃርካዮ ኣብ እዋኑ ከተጽንዖ ከም ዘለካ፣ ዝተመሃርካዮ ጥራይ'ውን ዘይኮነ ንትምህርቲ ዝሕግዙ ጽሑፋት ምንባብ ከም ዝጠቅም ይነግሮ'ሞ ሮቤል ግን "ግደፈና ሰቕ ኢልካ ሓንጎልካ ኣይተጨንቆ ንዓናይ ንጻወት "ይብሎ። ሄኖክ ግን" ድሓር ዘይነጽንዕ ንዓ'ሞ ንስኻውን ምሳይ ብሓደ ኮይና ነጽንዕ ድሕሪኡ ንጻወት" ክብሎ እንከሎ፣ ሮቤል "ክላ ገደፈና በጃኻ ኣነ መጽናዕቲ ዝበሃል ጸሊኡ ኣለኹ" ኢሉ ገዲፉዎ ዕዝር ይብል። ኩነታት ሮቤል ወዶም ዝርድኦ ወለዱ "ኣታ ቆልዓ ኣጽንዕ ጽባሕ ንግሆ ድሕሪ መሳቱኻ ከይትተርፍ" ክብልዎ እንከለዉ "የጽንዕ እንድየ ዘለኹ" ይብሎም ነበረ። ክልቲኦም ወለዱ ንስራሕ ስለ ዝወፍሩ፣ ንስራሕ ቅድሚ ምብጋሶም ዘጽንዕ መሲሉ ጥራውዝቱ ይገናጽል'ሞ ምስ ከዱ ንጥራውስቱ ኣብ ቦርስኡ ኣእትዩ ወይ ፊልም ይርኢ ወይ ከኣ ንደገ ከይዱ ይጻወት። ወለዱ ዝመጹሉ ሰዓታት ተኸታቲሉ ከኣ ከምዛ ከጽንዕ ዝጸንሐ ይኸውን። ንሳቶም ከኣ "ንፉዕ እዚ ወደይ ኣንበሳ ኩተጽንዕ ውዒልካ! በል ሕጅስ ይኣኽለካ ጣዕሞትካ በሊዕካ ኪድ ተጻወት" ይብሉዎ። ሮቤል ከኣ ከምታ ዝብልዎ ይገብር። ወለዱ እንታይ ከም ዘጽንዐ፣ ትምህርቱ ከመይ ይኸይድ ኣሎ ብቐረባ ይከታተሉዎ ኣይነበሩን፣ ካብ ኩሉ ከኣ ኣብ ዓመት ሓደ ግዜ ክፍርሙ እንተዘይኮይኑ ናብ ቤት ትምህርቲ ተቐልቂሎም ኣይፈልጡን'ዮም። ሓደ ሓደ ቀዲሑ ንዘምጽኦ ነጥቢ ባዕሉ ኣጽኒዑ ዘረኸቦ ስለ ዝመስሎም ከኣ ይቕስኑ።

ወለዲ ሄኖክ ግን መዓልታዊ ንጥራውዝቱ ይርእይዎ እንታይ ከም ዝተማህረ፣ ዘይተረድኦ እንተሎ ይሓትዎ። እዚ ጥራይ ዘይኮነ ሓዲኦም'ውን እንተወሓደ ኣብ ክልተ ወርሒ ናብ'ቲ ዝመሃረሉ ቤት ትምህርቲ እናኸዱ ምስ መምህራኑ ብምርኻብ ኩነታት ወዶም ይሓቱ ነበሩ።

ሄኖክ ኩሉ ግዜ ብመደብ ስለ ዘጽንዕ ኣብ ፈተና ልዑል ነጥቢ'ዩ ዝረክብ። ፈተና ክሳብ ዝቐርብ ኢሉ ኣይጽበን። ስለ ዝኾነ ከኣ ኩሉ ነጥብታቱ ልዕሊ ተስዓ'ዩ። ኣብ ገለ 100% ኣብ ገለ'ውን 99% ይረክብ። ሮቤል ግን ብዘይካ ኣብ መጽናዕቲ ሸለል ምባሉ ፈተና ክኸውን ከሎ ንገሊኡ ቀዲሑ ንገሊኡ ከኣ ብግምት ይምልሶ። ሄኖክ ምቕዳሕ ስርቂ ምዃኑ ይርድኦ ኣይነበረን። ዝሓለፈ ናይ መወዳእታ ፈተና ኣብ ዝገበረሉ ምብሉኡ ነጥብታቱ ኣዝዩ ትሑት ብምዃኑ ነቲ ናይ ፈተና ወረቐት ንወለዱ ኣየርኣዮምን ሓቢኡዎ'ዩ። ዝሓለፈ ሰንበት 29 ሰነ ምዕዳል ምስክር ወረቐትን፣ ንክረምታዊ ዕረፍቲ ምዕጻው ቤት ትምህርትን'ዩ ነይሩ። ወለዲ ክልቲኦም ናብ'ቲ ደቆም ዝመሃሩሉ ቤት ትምህርቲ ምስ ከዱ ሄኖክ ካብ ኩሉ ደረጃ ትምህርቲ (ናይ ዩኒት) ቀዳማይ ኮይኑ ብልጫ ክወስድ እንከሎ፣ ሮቤል ግን ብኹሉ ዓይነት ትምህርቲ ኣዝዩ ትሑት ነጥቢ ስለ ዝረኸበ ናብ ዝቕጽል ደረጃ ትምህርቲ ክሓልፍ ኣይከኣለን። በዚ ከኣ ወለዱ ሰንበዱ። ኩሉ ኩነታቱ ምስ ሓተቱዎ ከኣ፣ ሮቤል "የጽንዕ ኣለኹ" እናበለ የታልሎም ከምዝነበረ፣ ኣብ መርመራ ኣጽኒዑ ዘይኮነ ካብ ንፉዓት ቀቀዲሑ ይምልስ ከምዝነበረ ምስ ተረድኡ ኣዝዮም ጎሃዩ። ከም'ቲ መለበሚ ኣይኽላእካ ዝበሃል ሮቤል ካብ ሕሉፍ ጌጋታቱ ተኣሪሙ ኣብ ዝቕጽል ዓመት ተጊሁ ትምህርቱ ክከታተል ከምዘለዎ ምዒዱዎ። ሮቤል ከኣ ንወለዱ ዘይኮነስ ንገዛእ ርእሱ የተልል ከም ዝነበረ ተረድአ።

### 20 ፍልልያት ርኸቡ





ምስ ሃማመተኤ ብምትሕብባር ዝዳሎ ሕታም